ትምህርተ እምነት
ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን

# ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም

መምርሒ ንመምህር ትምህርተ ክርስቶስ
ዕድመ 6-7 ዓመት

ይተኃተም፡-

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም

## መምርሒ ንመምህር

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

✣ ✣ ✣

# Let Children Come To Me

## Teacher's Guide

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved

Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea

# መውጽኢ

ቆልዑ ናባይ ክመጹ ኣይትኸልክልዎም .................. 8
መምህር ትምህርተ ክርስቶስን መዝነቱን ............... 11
ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ክርስቲያናዊ ኩስኮሳ ደቆም ........... 12
ምኽሪ ንወለዲ ........................................ 14
1 ስነ-ልቦናዊ ጎድኒ ቆልዓ 6-7 ....................... 15
ባህርይ ቆልዓን ትምህርተ ክርስቶስን ................ 15
1. ኣሰራርዓ ምዕባሌ ባህርይ ደቂ ሰባት ................ 15
2. ንቆልዓ ካብ ስምዒታዊ እምነት፥
ናብ ርድኢታዊ ምስግጋር ........................ 18
3 ጸለውቲ ረቛሕቲ ኣብ እምነታዊ መዕበያ ቆልዓ ..... 18
ኣተሓሳስባ ቆልዓ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ............. 22
ወለድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን
ብዛዕባ ቆልዓ ክፈልጥዎ ዘለዎም ነገራት ............ 23
2 ሜላታት ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ ............... 24
1. ጸወታ ..................................... 24
2. ጊዜ ...................................... 26
3. ቦታ ...................................... 28
4. ጸሎት ምምሃር ............................. 28
5. ካብ ልቢ ዝፈልፈለ ጸሎት ..................... 32
6 ብርእሰኻ ምጽናዕ /ምሽምዳድ/ .................. 33
7. ክብርን ዝክርን ............................. 34
8 ንጥፈታት .................................. 35
9. ድራማ .................................... 35
10. ግጥሚ .................................... 38
11. መዝሙር ................................... 38
12. ስእሊ .................................... 39
13. ምዝንታው /ኣቐራርባ ዛንታታት/ ................. 40

14 ስነ-ምግባር ምልምማድ ........................ 41
መሰል ሕጻናት ........................ 42
ሓፈሻዊ ዕላማን ኣገባብን
መጽሓፍ ትምህርተ ክርስቶስ ንቆልዑ ................ 43
ሓፈሻዊ ኣቀራርባ መጽሐፍ ንናእሽቱ ................ 44
1. ገዛና ................................ 46
2. ምልክት መስቀል ........................ 48
3. መዓልቲ ጥምቀተይ ...................... 49
4. ቁምስናና ............................ 49
5. ቤት ትምህርተይ ........................ 50
7. ኖህ ................................ 51
8. ኣብርሃም ............................ 52
9. ሙሴ ንሕዝቢ ብባሕሪ ከምዘሳገሮ ............ 52
10. መልኣኽ እግዚኣብሔር ንእግዚእትነ ማርያም ኣበሰራ 53
11. ልደት ኢየሱስ ........................ 53
12. ሰብ ጥበብ ንኢየሱስ ሰጊዶም
ህያባቶም ከምዘቕረቡሉ .................. 54
13. ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ ........ 54
14. ኢየሱስን ሕጻናትን .................... 55
15. ኢየሱስ እንጌራ ከምዘበርከተ .............. 55
16. ኢየሱስ ማዕበል ከምዘህድኣ .............. 56
17. ኢየሱስ ንዕዉር ከምዘሕወየ .............. 56
18. ኢየሱስ ንሓዋርያት ጸሎት ምሂርዎም .......... 57
19. ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ሰዲዱልና ............ 57
20. ሓላዊና መልኣኽ ........................ 58
21. ዕለታዊ ጸሎታት ........................ 58
ጥብቆ ...................................... 59
ግጥምታት .................................. 63

# መቕድም

ዝኸበርኩም ቆሞሳትን፣ መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ወለድን፣

ንሕጻናት ናባይ ከመጹ ሕደግዎም ዝኣርእስቱ ንእሽቶ መጽሓፍ ደቅና ኣብ ንኡስ ዕድሜኦም ንመባእታዊ ክርስቲያናዊ መዕበያ ሓጋዚ ዝኾነ መጽሓፍ ኢዩ።

ናእሽቱ ብምዃኖም ኣብ መጽሓፎም ውሑድ ትሕዝቶ ኣለዎ። ነዚ መጽሓፍ'ዚ ከመይ ገቢርኩም ከምትጥቀምሉ ዝሕብር ሓጋዚ ጽሑፍ ክዳሎ ኣድላዩ ኮይኑ ተራእዩና። መጠን እቶም ቆልዑ ዝነኣሱሉ መጠኑ መምህር ትምህርተ-ክርስ ቶስን ወለድን ንሱ ክርድኦ ብዝኽእል ቋንቋን ሜላን ክምህርዎ ክበላሓቱ ኣድላዪ ይኸውን። እዚ መምርሒ እዚ እምበኣር ተበላሓትነትኩም ዝያዳ ንምብርታዕን፣ ብዝግባእ ነቲ ዕላማታት ናይ'ዚ ዕድመ'ዚ ንምውቃዕን ክሕግዘኩም ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ።

መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ካብ ካልእ ትምህርቲ ዝያዳ ብጸሎት ዝተሰነየ ዕቱብ ምድላው፣ የድልዮ እምነትን ሕይወትን ንምትሕላዝ ኽኽከኣል ቆልዓ ፈሊጡ ንምፍላጥ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ዝተመሃሮ ሓቅታት ምስ ዕለታዊ ናብራኡ ብኸመይ ከተሓሕዞ ከምዝኽእል? ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ርክብን ኣፍልጦን ብኸመይ ይድንፍዕ? መምህር ትምህርተ ክርስ ቶስ፣ ወለድን ኣዕሙቕ ኣቢሎም ክባላሓቱ ኣድላዩ ኢዩ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ከኣ ነዚ ዝሕግዝ ኢዩ። ስለዚ ብጥንቃቀ ክተን ብብዎን፣ ዝህቦ መምርሒ ክትከተሉን ባህገይን ለበዋይ ኢዩ።

ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማርያም
ኤጳርቃ ዘመንበረ ኣስመራ

# መእተዊ

ዝኸበርኩም

ቆሞሳት፡ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስን ወለድን፡-

"ቆልዑ ናባይ ክመጹ ሕደግዎም" ዝኣርእስቱ ን6-7 ዝዕድሜኦም ቆልዑ ዝተዳለወ መጽሓፍ ብኸመይ ክትጥቀሙሉን፡ ኣየኖት ሜላታት ኣመሃህራ ክዝከሩ ከም ዘለዎምን ዝሕብር ኣሰናድዩ መጽሓፍ ነቕርበልኩም ኣሎና።

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ወለዲ ኣብ መንፈሳዊ ኩስኮሳ ደቆም ዘለዎም ጊደን ሓላፍነትን፡ ምስ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ክህልዎም ዝግባእ ርክብን ምትሕግጋዝን ይገልጽ።

ኣብ ካልኣይ ክፋል፡ ቆልዓ ኣየናይ ባህርይ ከምዘለዎን ከም ኣማኒ ክዓቢ ክንምህሮ እንከሎና እቲ ናቱ ኣረኣእያ ንምፍላጥ ሓጺር ስነ ልቦናዊ ጉድኒ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዝርከብ ቆልዓ፡ መግለጺ ኣሎ። እዚ ነጥቢ'ዚ ብዙሕ ካብ ተመኩሮኹምን ብትዕዝብትኹምን እውን ከተሃብትምዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ሳልሳይ ክፋል፡ ሜላ ኣመሃህራ ትምህርተ-ክርስቶስ ንቆልዓ ብዝብል ኣርእስቲ፣ ቆልዓ ምምሃር ናቱ ዝኾነ ሜላታት ኣለዎ። መምህር እዞም ሜላታት እዚኣቶም ምስ ዝጥቀመሎም መልእኽቱ ንምትሕልላፍ ሓገዝቲ ኢዮም። ኣብዚ ተጠቒሶም ዘለው እምበኣር ብዛዕባ ጸወታ፣ ጊዜ፣ ቦታ፣ ጸሎትን ኣጸላልያን፣ ብርእሽኻ ምሽምዳድ፣ ክብርን ዝኽርን፣ ንጥፈታት፣ ድራማ፣ ግጥሚ፣ መዝመ-ር፣ ስእሊ፣ ምዝንታውን የጠቓልል።

ኣብ ራብዓይ ክፋል፡ ንነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ናይ ቆልዑ መጽሓፍ ሕጻናት ናባይ ከመጹ ሕደግዎም፡ ዕላማኡን ኣገባቡን ይሕብር። እዚ ክፍሊ'ዚ ኣብ ተግባር ዝያዳ ኣቃልቦ ዘድልዮ ኢዩ።

ከመይ ኣየናይ መልእኽቲ ክመሓላለፍ ተደልዩ ከምዝለሎን፡ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ክግበር ከምዝለዎን እንተደኣ ብንጹር ተፈሊጡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መዕበያ መገምገሚ ምኻኑ ኢዩ።

መጽሓፍ ናይ ቆልዑ ብስእሊ ዝተሰነየ ኮይኑ። መምህር ድሕሪ መግለጺ ሂብዎም ቆልዑ ብወለዶም ትሓጊዞም ሕብሪ ክለኽይዎ ዝተጻሕፈ ዝተዳለወ ኢዩ።

ንመጽሓፍ “ንቆልዑ ናባይ ከመጹ ሕደግዎም” ሓገዝቲ ዝኾኑ ብገርሂ ክንበቡን ብስእላዊ መልክዕ ዝቀርቡ ናእሽቱ ተወሰኽቲ ሓገዝቲ መጻሕፍቲ ከኣ፡-

- 8ሕብሪ ዝልከዩ ናእሽቱ መጻሕፍቲ
- ንሕጻናት ዝተዘንተወ ሕይወት ኢየሱስን ኢዮም።

እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም ምስ ወለዲ ብምስምማዕ ኣብ ገዛ ኮነ ኣብ ቍምስና ክጥቀሙሎም ይኽእሉ።

እናቴ ንግስቲ ሚካኤል
ጓል ፍቅሪ

# “ቆልዑ ናባይ ክመጹ ኣይትኸልክልዎም”

**“ኢዱ ኬንብረሎም ድማ ሕጻናት ናብኡ ኣምጽእዎም፡ ደቀ መዛምርቱ ግና ነቶም ዘምጽእዎም ገሰጽዎም። ኢየሱስ ነዚ ምስ ረኣየ ተቈጢዑ፡ ከምዚ በሎም፡- “ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕደግዎም፤ መንግስቲ ኣምላኽ ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ እያ እሞ ኣይትኸልክልዎም። እቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ሓደ ሕጻን ኮይኑ ዘይተቐበላ፥ ከቶ ከምዘይኣትዋ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። “ሓሓቝፉ ድማ ኢዱ ኣንቢሩ ባረኾም።” /ማር. 10፡13-16 ማቴ 19፡ 13-15 ሉቃ 18፡ 15-17)።**

**እዚ ናይ ቆልዑ መጽሓፍ ትምህርተ ክርስቶስ ኣርእስቱ ካብ ወንጌል ዝተወስደ “ሕጻናት ናባይ ክመጹ ሕደግዎም” ዝብል ቃል ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። እዚ ኣርእስቲ ክውሰድ ዝተደለየ፡ ዘዘኻኽሮ ትምህርትን ሓይሊ ቃልን ስለዘለዎ ኢዩ። ኢየሱስ ንጕዳይ ቆልዑ ፍሉይ ኣድህቦ ነቢርዎ። ኣብ መንገዲ ድሕነት ዓቢይን ንእሽቶን፡ ቅዱምን ድሑርን ዝበሃል መምርሒ የልቦን ሕጻናትን ተሳተፍቲ ኢዮም። ንሳቶም ንኣምላኽ ንምቕባል ድልዋትን ምንም ዘመኻንይዎ ነገራት የብሎምን። ናብ መንግስ ቲ ኣምላኽ ንምእታው ግን ናብ ኢየሱስ ምቕራብ የድሊ። ኢየሱስ ንቖልዑ ናባይ ክመጹ ሕደግዎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣይትኸልክልዎም ዝብል ንሓላፍነት ዓበይቲ ዝብድህ ሓያል ቃል ተዛሪቡ። ኣይትኸልክልዎም እንታይ ማለት ኢዩ? ዓበይቲ ብኸመይ ናብ መንገዲ ድሕነት ዝወስድ ጎደናታት ንቖልዑ መዓን ቀፍታ ክኾኑ ይኽእሉ?**

**ዓበይቲ ንቖልዑ ናብ ኢየሱስ ከይሽዱ መኸላእታ ክኾኑሉ ዝኽእሉ ኣብነት እዚ ዝስዕብ ክጥቀስ ይከኣል።**

**- ናይ እምነትን ስነ-ምግባርን ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ሓላፍነቶም ንመምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ብምውዳቕ ንቖልዑ ናብ ኢየሱስ ካብ ምኻድ ይኽልክሉዎም።**

- ምስ ዓበዩ የርክብሉ ብምባል ወይ ንትምህርተ ክርስቶስ ዝወሓደ ጊዜ ብምምዳብ እቶም ቆልዑ ትምህርተ ክርስቶስ ምምሃር ከም ተወሳኽን መመላእታን ገቢሮም ይርድእዎ። በዚ መንገዲ'ዚ ናብ ኢየሱስ ካብ ምኻድ ንኽልክሎም።

- ኣብ ውሽጢ ማኅበረ ክርስቲያን ንቖልዑ ዝኣክል ቦታ ዘይህብ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን ምስ ዝህሉ ንቖልዑ ናብ ኢየሱስ ምኻድ ይኽልክሎም።

- ዓበይቲ፡ ንናእሽቱ ብዛዕባ እምነቶምን ክርስቲያናዊ ሕይወትን፡ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ዝሓትዎ ሕቶታት ከይመለሱ ስቕ ክብሉ እንከለዉ፡ ከማኡዉ'ን ብዛዕባ እምነቶም ዘለዎም ኣፍልጦን ስ ነ-ምግባርን ንምምሕያሽ ንርእሶም ምሹስኳስ ሸለል ክብሉ እንከለዉ፡ ንደቆም ናብ ኢየሱስ ካብ ምኻድ ይኽልክሉዎም።

- ዓበይቲ ብወንጌላዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዘይሓስቡን፡ ኣነባብራ ሕይወቶምን ስነ-ምግባራቶምን ምስ ወንጌላዊ ክብርታት ዘይኸይድ ፡ንኽብርታት ወንጌል ሸለል ዝብልን ምስ ዝኸውን ንቖልዑ ናብ ኢየሱስ ካብ ምኻድ ይኽልክሉዎም።

እዝን ከማኡ ዝመስልን መኽላእታታትን ምስቲ ኢየሱስ ነቶም "ካብዞም ብኣይ ዚኣምኑ ናእሽቱ ንሓደ ዘስሕት ኣድጊ ዝጥሕነሉ መጥሓኒ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ባሕሪ ክጥሕል ምሓሸ ነይሩ።" (ማር.9፡42) ዝበሎ ዕንቅፋታት ዝተሓሓዝ ኢዩ።

ማርቆስ ወንጌላዊ ከምዝገልጾ ሕዝቢ ቅፍርናሆም እቲ ሽግር ክፈትሕ ዝኽእል ኢየሱስ ይሓልፍ ስለዝነበረ፣ ቆልዑኦም ኣብ ቡራኬን ሓለዋን ኢየሱስ ክሳተፉ ከቕርቡዎም እንከለው፡ ሓዋርያት ግን ኢየሱስ ብዛዕባ ሕግን ስርዓትን ምስ ዝፈልጡን ምስ መራሕትን ደኣምበር ምስ ቆልዑ ግዜ ከጥፍእ ከምዘይብሉ ይሓስ ቡ ስለዝነበሩ፡ "ቆልዑ ናባይ ክመጹ ኣይትኸልክልዎም" ምባሉ ንሓዋርያት'ውን በየናይ መንፈስ ክኸተልዎ ከምዘለዎም፡ ተልእኾ ኢየሱስ ናብ መን ዘተኮረን ምኳኑን ክርድኡ ሓጊዙዎም።

ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ምስታፍ ማለት ቆልዓ ወይ ዓቢ ፈላጥ ወይ ዘይፈላጥ ምዃን ዘይኮነስ ኣብ ኢየሱስ ዝተሰረተ ሕይወት ማለት ገርሂ፡ ክፉትን ንጹሕን ልቢ ከም ቆልዓ ትሑት ምዃን ማለት ኢዩ። ስለዚ ኢዩ ከኣ ኢየሱስ "እንተዘይ ተመለስኩምን ከም ሕጻናትን እንተዘይኮንኩምን ናብ መንግስተ ሰማይ ከቶ ከምዘይትኣትዉ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።"(ማር 9, 36-37 ማቴ 18,3) እናበለ ዝመሃረ።

ቆልዑ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ኣለዎም። ነዚ ዓቕም'ዚ ን ምምዕባል ካብ ዓበይቲ ብዙሕ ነገራት ይጽበዩ። ካብ ወለዶምን ከቢቦምዎም ካብ ዘለዉ ሰባትን ከኣ ኩሉ ነገር ይመሃሩ። ወለድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ብወገኖም ኣብ ኣተሓሳስባን ደረጃን ናይ ቆልዑ ወሪዶም በብቑሩብ ከምህርዎምን ክርስቲያናዊ ናብራ ከለመማምድዎምን ዓቢይ ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣብ ባህልናን ልምድናን ብሓፈሻኡ ንቖልዓ ዝወሃብ ኣ ቓልቦ ድሑርን ምስ ወንጌል ዘየሳንን ጎድንታት ኣለዎ። ስለዚ፡ መምህር ትምህርተ ክርስቶስን ወለድን ነዚ ግድል'ዚን ሳዕቤናቱን ኣብ ግምት ብምእታው ንሕጻናት ናብ ኢየሱስ ዝኸደሉ ኣገባባት ክበላሓቱ የድሊ። ዕንቅፋታትን መኸላእታን ክነወግድ ለበዋ ኢየሱስ ምዃኑ መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ክዝክር የድሊ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ነቶም ካብ 6-7 ዕድመ ዘለዎም፡ ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ምድላው ዘለው ቆልዑ ዝተዳለወ ኢዩ። ብኣ ቀራርባኡ ገርሂ፡ ውሑድን እቲ ኣዚዩ መሰረታውን ንዕድሚኦም ክኸውን ዝኽእል ኣርእስትታት ጥራሕ ዝሓቆፈ ኢዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ስእላዊ መግለጺ ኣለዎ። መምህር ምስ ገለጸሎም ንሳቶም ከኣ ሕብሪ ክለኽይዎ እዮም። ወለዲ ምስ ቲ ኣርእስቲ ዝሰማማዕ ጠቕስታት ቅዱስ መጽሓፍ ኣንቢቦም ብዝርድእዎ ኣዘራርባ ገይሮም ክገልጹሎም ተዳሊውሎም ኣሎ። ከማኡዉ'ን ገሊኡ ግጥምታት ኣብዚ መጽሓፎም ተጻሒፉ ኣሎ፡ ገሊኡ ከኣ ኣብዚ መጽሓፍ ናይ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ተጻሒፉ ኣሎ። ነቲ ኣርእስቲ ዝምልከት ሓደ ሓደ ሕቶታትን መዛሙራትን ክሕውሱሉ ይከኣል። ገሊኡ ከኣ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ክመርጸሎምን ከዳልወሎምን ይከኣል።

# መምህር ትምህርተ ክርስቶስን መዝነቱን

መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ቐልዑ ብምምሃርን ንእምነት ብምሕናጽን ዘካይዶ ጻዕሪ ኩሉ ምስ ጸዋዕታኡ ዝተተሓሓዘ ናይ ልኡኽ ወንጌል ስራሕ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ሰብኣውን መንፈሳውን ብስለት፡ ተልእኾኣዊ ምድላው፡ ሓዋርያዊ መንፈስን የድልዮ።

ኣውራ ንቖልዑ ዝርድኦም ቐሊል ቋንቋን፡ ምዉቕ ፍቕርን ምቕሉል ኣቀራርባን ኢዩ። ስለዚ፡ መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ተፈታዋይን ተሓፋራይን ደኣ ኣምበር ተፈራሃይን ገናሕን ወይ ቀሳብን ክኸውን ኣይግባእን። ሰብኣዊ ብስለቱን ናይ ምፍቃር ዓቕሙን ከማዕብል የድሊ። ተመሃርቱ ዝያዳ ክፈርህዎ ዘይኮነስ ስለዘፍቅርዎ ክእዘዙዎን ዝባልሓት ክኸውን ይግባእ። ክርስቲያናዊ መዕበያ ብቐንዱ ንፍቕሪ እግዚኣብሔርን ፍቅሪ ኣሕዋትናን ምምልማል ስለዝኾነ፡ መሳርሒኡ ከኣ ፍቕርን ትዕግስትን ካብ ምኺን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን።

መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ምኺን ብቐሊል ክርአ ዘለዎ ተልእኾ ኣይኮነን። ኣውራ ከኣ ክርስቲያናዊ ሕይወት ምስራዕ ብምኺኑ፡ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ እሩም ክርስቲያናዊ ሕይወት ክህልዎ ይሕተት። ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ብጸሎትን ብስነ-ምግባርን ክልለ፡ ብዝከኣሎ ናይ ስነ ምምህርና ብልሓት ከጥርን ርእሱ ክሰርዕን፡ እንታይን ከመይን ገቢሩ ከምዝምህር ዝኣክል ጊዜ ወሲዱ ክዳሎን የድሊ። ወርሓዊ ሰሙናዊ መዓልታዊ ውጥናቱ ከኣ ከዳሉ ይግባእ።

መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ንዝኾነ ይኹን ዕድመ፡ ትምህርተ ክርስቶስ ክምህር እንከሎ፡ ኣውራ ከኣ ንቖልዑ ክምህር እንከሎ፡ ዓቢይ ግምት ክህበሉ ዘለዎ፡ ምስ ወለዲ ጥቡቕ ርክብ ምግባር የድልዮ። ወለዲ ቖልዓ ብምውላዶም ንናይ ሕይወት ምስጢር ክፉታት ኢዮም። መብዛሕትኦም ንውሉዶም ኣድላዪ ዝኾነ ክብር-ታት፡ እምነት ከዕትሩ ሃረር ይብሉ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዉ ብ-ዙሓት ካቶሊካውያን ወለዲ፡ ድሕሪ መጀመርያ ቅዱስ ቁርባንን ሜሮንን

ብዛዕባ ካቶሊካዊ እምነቶም፡ ፍልጠቶም ዘየዕሞቑዎ ስለዝኾኑ፡ ንደቆም እንታይ ከምዘምህሩ፡ ከመይ ከምዘምህሩ፡ ንጹር ኣፍልጠ የብሎምን። ገለ ውሑዳት ከኣ ጽቡቕ መሰረት ዘለዎም ኣለዉ። ነዚኣቶም ከም ሓገዝቱ ከወሃህዶም ነቶም ዘይፈልጡ ወለዲ ግን ምስ ደቆም ኣተሓሒዙ ክምህሮም ከምዘለዎ ክርዳእን፡ እቲ ዝምህሮ ዘሎ ቖልዓ ኣበየናይ ሃዋሁው ኮይኑ ይመሃሮ ከምዘሎ ክፈልጥን ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ከኣ ገዛውቶም ብምኻድን ዝተፈላለየ ናይ ወለዲ ጓኼባታት ብምክያድን፡ ብመንፈስ ሕውነትን ህድኣትን ዝዓሰሎ ኣገባብ ናይ መምህርን ወለድን ርክብ ክፍጠር ይከኣል።

ንቖልዑ ገዛውቶም ምኻያድ፡ ገዛኦምን ቤተክርስቲያንን ምርኻብ ስለዝኾነ ፍሉይ ሓጎስ ኢዩ ዝፈጥረሎም። ብዓቢኡ ግን ወለድን መምህርን ንቖልዓኦም ከመይ ገቢሮም ከምዝሓንጽዎ፡ ሓበራዊ ጉዕዞ ኘኽገብሩ ይሕግዝ።

## ተሳትፎ ወለዲ ኣብ ክርስቲያናዊ ኩስኮሳ ደቆም

መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ፡ ስድራቤት ኣብ መዕበያ ዘለዋ ሓላፍነትን ክገልጽ እንከሎ፡ ዝዝርዝሮ ኣገዳሲ ሓሳባት ኣሎ።ንሱ ከኣ፡ ወለዲ ቀዳሞት መምህራን ምዃኖም ጠቒሱ፡ ኣብ ምሕናጽ እምነት ናይ ናእሽቱ፡ ወለዲ ጥራሕ ዘኮኑስ ከከም ባህልታቱ ኩሎም ኣባላት ስድራቤት፡ እኳ ደኣ መላእ ሕብረተሰብ ዓቢይ ኣበርክቶ ኣለዎ።ስለዚ ኣብ መደብ ትምህርተ ክርስቶስ፡ ክርስ ቲያናዊት ስድራቤት ግቡእ ቦታ ክወሃባ ኣለዎ። ጭቡጥ ንጥፈታት ክስረዓላ ከም ዘለዎ ይሕብር። ብተወሳኺ ስድራቤት “ቤታዊት ቤተክርስቲያን” ተባሂላ ትጽዋዕ። ምኽንያቱ ከኣ ምሉእ ሕይወት ቤተክርስቲያን ኣብ ነፍስ-ወከፍ ስድራ-ቤት ብዝተፈላለየ መልክዑ ስለ ዘንጸባረቕ'ዩ። ስድራቤት “እታ መልእኽተ-ወንጌል እትቕበልን እትዝርግሕን ቦታ፡ ናይ ምስትምሃር፡ ናይ ምስክርነት፡ ናይ ጸሎት ቦታ ኮይና እተገልግል ዓባይ መድረኽ ቤተ-ክርስቲያን ኢያ። ስድራ ቤት ከም ናይ ትምህርተ-ክርስቶስ ቦታ ትቑጸር። ኣ ብኣ በቲ ኩነታት ሕይወት ዘጋጥመሉ ምስ ዕለታዊ  ዝተተሓሓዘ ካብቲ ወግዓዊ ትምህርተ-ክርስቶስን ንላዕሊ መባእታዊ

ክርስትያናዊ መዕበያ ይወሃብ፡ ሕልና ይሕነጽ፡ ፍቕሪ ብጻይ ይጅምር፡ መሰረታውን ሰብኣውን ክርስቲያናውን መዕበያ ይወሃብ። /መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ ቁጽሪ 255/

ሎሚ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ከምቲ ናይ ቀደም፡ ስሩዕ መዕበያ ክርስቲያንዊ ትምህርትን ስነ-ምግባርን የልቦን። ሓደ ሕጻን ኮይኑ ተሪፉ ኣብታ ንእሽቶ ቤተክርስቲኣያን ዝኾነት ገዛኡን ኣብ ቁምስናኡን ደኣ እምበር ካልኦት ሓገዝቲ መድረኻት የብሉን። እዚ ከኣ እቲ ኣብ ገዛ ዝግበር ኣስተምህሮን ኣብ ቁምስና ዝወሃብ ትምህርትን ብሓደ ንቕሓት ክንዓዙ ኣዚዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ወለዲ ምስ ደቆም ኮይኖም ከንብብዎን ከዘንትዉዎን ዘለዎም ዝብሉ ጠቅሲታት ኣለዉዎ። እዚ ከኣ ወለዲ ኣብ ክርስቲያናዊ መዕበያ ደቆም ዘለዎም ዓቢይ ሓላፍነት ዘዘኻኽር ኢዩ።

ክርስቲያናዊ ኩስኮሳ ብመምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ወይ ኣ ብ ቤተክርስቲያን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብታ ንእሽቶ ቤተክርስቲያን ዝኾነት ገዛኡ ምስ ወለዱ ኮይኑ ብእምነት ይሕነጽ ስለ ዘሎ ኢዩ። ወለዲ ምስ ደቆም ቅዱስ መጽሓፍ ብምንባብ ቀዳሞት መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ምኻኖም ፈሊጦም ሓላፍነቶም ክለብሱ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ዝከኣሎ ጎስጓሳት ክገብር ሓላፍነቱ ኢዩ።

መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ ደጋጊሙ ብዛዕባ ሓላፍነት ወለዲ ኣ ብ መዕበያ ደቆም ቀዳሞት መምህራን ደቆም ምኻኖም ክገልጽ እንከሎ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- ቆልዑ ኣብ ወለዶም ዝርእይዎ መን ፈሳውነት፡ ኣብ ሕይወቶም ክርስዕዎ ዘይክእሉ ኣሰር ይገድፈሎም። ኣብ ስድራቤት፡ ዝኽበር በዓላት ይኹን፡ መግለጺታትን፡ ተግባራት እምነትን፡ ክኩስኮሳን፡ ንትምህርቲ ክርስቶስ ክፉታት ክኾኑን መን ጸፍን፡ መሰነይታን መቐጸልታን ኢዩ። ስለዚ ስድራቤትን ቁምስናን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዘን ዝጎዓዛ ናይ ክርስቲያናዊ መዕበያ መድረኻት ኢየን። /መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ፡ ቁ. 226-227/

# ምኽሪ ንወለዲ

እቲ ቈልዓ ኣብ ቍምስና መጺኡ ዝመሃሮ ወለዲ'ውን ብወገኖም ኣንቢቦም ብዝርድኦ ቋንቋ ክዘንትውሉ መታን ክኽእሉ፡ እዚ ዕዮ'ዚ ዕዉት ንኽኸውን፡ ወለዲ ንደቆም ኣብቲ መባእታዊ ትምህርተ ክርስቶስ ክሰንይዎም እንክለዉ ዝሕግዝ ሓድሓደ መምርሒ ኣብዚ ኣሎ።

- እቲ ወለዲ ምስ ደቆም ክንብብዎ ዝብል ጠቕሲ ኣቐዲሞም የንብብዎን ይፍለጥዎን።

- እታ ተንብባ ዘሎኻ ጥቕሲ ኣበየናይ መጽሓፍ ከምዘላ፡ እቲ መጽሓፍ ብሓፈሻ ብዛዕባ ምንታይ ከምዝገልጽ ተገንዘብ። እታ ተንብባ ዘሎኻ ጠቕሲ፡ ምስቲ ቅድሚኡ ወይ ድሕሪኡ ዘሎ ምዕራፋት ብኸመይ ከምዝተሓሓዝ ፍለጥ።

- እቲ ቆልዓ ክርድኦ ብዝኽእል ብቐሊል ኣዘራርባ ኣዘንትወሉ።

- እቲ ቆልዓ  ከተኩረለን ዘለዎ ዋና ነጥብታት ናይቲ ጠቕሲ ብሓጺሩ ድገመሉ።

- ነቲ ዋና ነጥቢ ዝምልከት ሕቶታት ሕተቶ። ሓጸርቲ ምሉእ ሓሳባት ኣድግሞ ወይ ኣብ ጥራዙ ጸሓፈሉ። ወይ ከኣ ብፍሩይ ጽሒፍካ ኣብ ብቐሊል ክርእዮ ዝኽእል ቦታ ለጥፈሉ። ንኣብነት፡ ብዛዕባ ፍጥረት ዓለም (ዘፍ.1-27) ምስ ተረኽካ "እግዚኣብሔር ንኹሉ ፍጡር ገቢርዎ" ዝብል ጽሑፍ ክትጽሕፍ ይከኣል።

# 1 ስነ-ልቦናዊ ጎድኒ ቆልዓ 6-7
# ባህርይ ቆልዓን ትምህርተ ክርስቶስን

ብዛዕባ ባህርይ ቆልዓን ኣብ ስነ መዕበያ ዘስዕቦ ጽልዋን ብምፍላጥ፡ ነቲ ቆልዓ ምስ ዕድሜኡ ወይ ደረጃ ምዕባሌ መንነቱ ዝሰማማዕ ገቢርና፡ ናይ እምነት ትምህርቲ ከነመሓላልፍ ኘኽእል። እዚ ከኣ ብልቦናኡ ሓቀይና ምስሊ ኢየሱስ ክርስቶስ እናቀረጸ ክዓቢ ክንምልምሎ ይሕግዘና። ጸጋ ኣምላኽ ምስ ባህርይ ደቂ ሰባት ብሓደ ስለ ዝጎዓዝ፡ ብስነ-ልቦናዊ መጽናዕቲ ዝተበጽሐ ብዛዕባ ባህርይ ቆልዓ ምፍላጥ ጽቡቕ ኢዩ። ንቆልዓ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ሕይወት እምነትና ክነመሓላልፈሉ ከምዘሎና ኣገባባት ክንምህዝን ክንበላሓትን ዘኽእለና ከኣ ስነ-ልቦናዊ ጎድንታትን ደረጃታትን ናይቶም እነምህሮም ቆልዑ ኢዩ ዘውስኖ። ስለዚ ኣብዚ ዕድመዚ ክንግንዘቦም ዘሎና ሰለስተ ጎድንታትን ስነልቦናዊ ባህርታት ናይ ቆልዓ ኣለዉ።

1. ተለዋዋጢ ባህርይ ሰብ
2. ንቆልዓ ካብ ስምዒታዊ እምነት ናብ ርድኢታዊ እምነት ምስግጋር፡
3. ኣብ እምነታዊ መዕበያ ቆልዓ፡ ጸለውቲ ረቛሒታት

## 1. ኣሰራርዓ ምዕባሌ ባህርይ ደቂ ሰባት

ብዛዕባ ባህርይ ደቂ ሰብ ክዝረብ እንከሎ ናይዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ቀጺሎም ንጠባይ ዝጸልዉ ዝሓንጹን ጎድንታት ድምር ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ንሳቶም ከኣ፡
ሀ. ኣካላዊ ምዕባሌ
ለ. ስነልቦናዊ ምዕባሌ
ሐ. ማሕበራዊ ምዕባሌ ኢያቶም።

ነዚኣቶም ዝምልከት ኘኾሎም ዘጣምር ከኣ መሎኮታዊ ናይ ጸጋ ምዕባሌ ኢዩ። ብዛዕባ ዚኣቶም ዝምልከት ብዙሓት መጽናዕትታት ኣለዉ። ኣብዚ ኣውራ እነተኩረሉ ከኣ ስነ-ልቦናዊ ሊቅ ዣን ፒያዠ፡ ብዛዕባ ቆልዓ ዝገበሮ መጽናዕቲ ኢዩ።

ስነ-ልቦናዊ ምዕባሌ ቆልዓ፡ ቆልዓ ብዕድመ እናዓበየን እናማዕበለን፡ እናተለወጠን ብዝኸደሉ፡ ሰብኣዊ ባህሪኡን መንነቱን ከኣ ብመንጽሩ እናተለወጠ ይኸይድ። ብዛዕባ ቆልዓ ኣተኲርና ንገልጽ ስለዘሎና እምበኣር፡ ካብ 6-12 ዝዕድሜኡ ነቲ ኣብ ጊዜ ሕጻንንነቱ ዝማዕ በለ ኣንነቱ ገና ብሓሙሽተ ጎድንታቱ እናደልደለ ይመጽእ።

ሀ. ኣእምሮኣዊ ንጥፈት

ቆልዓ ብሕጻንነቱ እንከሎ /ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት/ ባህግታቱ ጥራይ ንምርዋይ፡ ወይ ይፍተወኒ ኣይፍተወንን ብዝብል ድርኺት ጥራሕ ተደፋፊኡ ይነጥፍ ነቢሩ። ካብ ሽዱስተ ዓመት ንደሓር ግን ንስምዒቱ እናተቆጻጸረ ኣእምሮኡ እናሰፍሐን ስለዝኸይድ፡ ከነጻጽር፡ ክፈላሊ፡ ከማኡ እውን ናይ ጊዜ ርድኢቱ፡ ናይ ቦታ ምልላዩ፡ ናይ ቅልጣፌ ዓቕሙ፡ ናይ ኣፍልጦ ክእለቱ ኣናማዕበለ ይኸይድ።

ብመንጽር እምነት ክርኤ እንከሎ፡ ከኣ፡ ኻሹነታት ካብ ገዛእ ርእሱ ፈልዩ ክርኢ ይጅምር። ናይ እግዚኣብሔር ዘለዎ ኣረኣእያ እውን ብኣኡ መንጽር ኣምላኽ ፍሉይ ምኳኑ ኣናተገን ዘበ ይመጽእ።

ቆልዓ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዘለዎ ምስሊ መሰረቱ እቲ ምስ ወለዱ ዘለዎ ርክብ ኢዩ። ምስ ወለዱ ናይ ፍቕርን፡ ሓልዮትን ርክብ እንተደኣ ነቢርዎ ኮይኑ፡ ብርእሰ ተኣማንነት ደልዲሉ ብቐሊል ምስ ካልኦት ርክብ ክፈጥር ዝኽእል ይኸውን። ስለዚ ካብ ጊዜ ዕሸልነቱን ህጻንነቱን ምስ ወለዱ ዝነበሮ ርክብ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ።

በዚ መንጽርዚ ከኣ ምስ ኣምላኽ ክህልዎ ዝግባእ ናይ እምነትን ፍቕርን ርክብ ብጽቡቕ ክሕነጽ ይከኣል።

ለ. ምስ ናይ ወጻኢ ዓለም ምልላይን ምልዛብን

ቆልዓ እናዓበየ ምስዝኸይድ ካብ ጠቕሚ ርእሱ፡ ማለት ንዓይ ናተይ ካብ ምባል እናተላቐቐ፡ ምስ ካልኦት እናተመሳሰለ

ክዋሳእ ይጅምር። ካብ ወለዱ ወጻኢ ዝኾኑ፡ ምስ ዓበይቲ፡ ምስ መሓዙትን፡ መጻውቲን ምልላይ ይጅምር። እዚ ሓድሽ ሌላዚ ኣ ብ እምነታዊ መዕበያኡ፡-

- ሓድሓደ ሓበራዊ ናይ ጸወታን ሕግታት እናኽበረ፡ ምስ ብጾቱ ከዋሳእን ክላዘብን ብምጅማሩ፡ ስነ-ምግባራዊ ክብርታትን፡ ናይ ጽቡቕን ሰላማዊ ርክባትን ይመሃር።

- ኣባል ናይ ሓደ ጉጅለ ብምዃኑ፡ ናይ “ንሕና” ዝብል ማሕበራዊ መንፈስ የጥሪ። ነቲ በብቑሩብ ዝመሃሮ ዘሎ ኣብነት ምስ ናይ ቤተክርስቲያን ከኣ እናኣተሓሓዞ ይመጽእ።

ሐ. ርእሰ-ግምት ምጥራይ

ኣካላውን ስነልቦናውን ምዕባሌ ቆልዓ፡ ምስ ማሕበራዊ ምዕባሌኡ ምትሕሓዝ ኣለዎ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ካልኦት ክላለን ክተሓዋወስን ምስ ጀመረ፡ ኣንነቱ እናተነጸረሉ፡ ተባላሓታይ እንዳኾነ፡ ኣብ ገዛእ ርእሱ ከኣ እኽእል ኢየ ዝብል ስምዒት እናሕደረ ርእሰ ተኣማንነት እናጥረየ ይመጽእ።

- እዚ ጠባይዚ ንገዛእ ርእሱ ግምት ክህብን ኣብ ጉጅለኡ ዕማሙ ከበርክትን ኒሕን ፍናንን ይህቦ።

- ኣብ ጉጅለ ተፈታውን ተነኣዳይን ምእንቲ ክኸውን ብኣወንታዊ ኣገባብ ንሕብረት ይሰርሕ።

መ. ክብርታት ናቱ ናይ ምግባር ወይ ርድኢት ምጥራይ።
ኣወንታዊ ደኹን ኣሉታዊ ኣብነት ወለዱ ናይ ኩሉ ክብርታት መሰረታዊ መለክዒ፡ኳ እንተኾነ በብቑሩብ መምህራኑን መሓዙቱን ኣብ ልዕሊኡ ናቶም ጽልዋታት ክገብሩ ይርከቡ።

- መምህራኑ ብፍቕርን ምርዳእን ኣኽብሮትን ምስ ዘሰንይዎ፡ብርእሰ ተኣማንነት ብኣወንታዊ ኣገባብ ይቕበልን ይነብረሉን። ኣለዎ።

- ፍርሒ፣ መቕጻዕትን ሻቕሎትን ኣብ ዘለዎ ሃዋሁው እንተደኣ ዓብዩ፣ ከኣ እቲ ምጉዳሉን ክጋገ ከሎ ናይ ሕልና ወቐሳን ሸኽፍታን ይፈጥረሉ።

## 2. ንቆልዓ ካብ ስምዒታዊ እምነት፣ ናብ ርድኢታዊ ምስግጋር

ቆልዓ ቀጻሊ ክሕነጽ ዘለዎ ከምቲ ሓንቲ ቀጻሊ እትዓብይን እትሕደስን ተኽሊ ክንምስሎ ኝኽእል። ቆልዓ ኣብ መሰረት መንነቱን፣ ሰነ ልቦናዊ መልክዑን ሃይማኖታዊ ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ሃይማኖት ዝሓቶም መሰረታውያን ሕቶታት ማለት ብዓቕሙ፣ ህላዌ እንታይ ኢዩ? ኣነ ኣብ ፍጥረት ኣየናይ ኢዩ ቦታይ? ምስ ሰባትከ ርክበይ ከመይ ክኸውን ኣለዎ? ቢሉ ይሓትት ኢዩ። ከማኡ እውን ንኣምልኾን ምስ ፈጣሪ ንምርኻብ ድልው ኢዩ። ቆልዓ ንናይ ሃይማኖት ተግባራትን ንናይ እምነት ነገራትን ኣዚዩ ክፉት ኢዩ።

እዚ ቅሩብነት'ዚ ግን ስምዒታዊ ደኣምበር ርድኢታዊ ኣይኮነን። ወለዱ፣ መምህራኑ፣ መሓዙቱ ስለዝፈትውዎን፣ ዘዘውትርዎ፣ ከምኡ ስለዝገብሩን ኢዩ ዝገብሮ። ስለዚ በብቑሩብ ትርጉሙን ትሕዝቶኡን ከምዝርዳእ ብምግባር ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ርድኢታት ከጥሪ ክሕገዝ የድሊ። ኣብ ሃይማኖታዊ መዕበያ ቆልዓ ነቲ ዝመሃሮ ትሕዝቶ ብቓላት ከም ዝገልጾ፣ ብምግባር ምስ ዕድሜኡ ዝኸይድ ከዘውትርን  ክሕገዝን እምነታዊ ስም ዒታት ከጥሪ ክኾስኮስን ይግባእ።

ስለዚ ኣብ ገዛኡ፣ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን፣ ኣብ ስርዓተ-ኣ ምልኾ ዝፍጸሙ ነገራት ኩሎም ተገዲስካ ንሱ ክርድኦ ብዝኽእል ኣገባብ ክተረድኦን ብርድኢት ከዘውትሮን ክሕገዝ የድሊ።

## 3 ጸለውቲ ረቛሕቲ ኣብ እምነታዊ መዕበያ ቆልዓ

ሰብ ብባህሪኡ ንእምነት ክፉት ኢዩ። ናይ ቆልዓ እምነትን መግለጺኡን ብፍሉይ ዝልለየሎም ስነልቦናዊ ጠባያት ኣለዉዎ። ንቆልዓ ብእምነት ብግቡእ ንምስራዕ ከኣ እዞም ጠባያት ዚኣ

ቶም ምፍላጦምን ንእምነትዊ መዕበያ ብኸመይ ከምዝጸልዎም ኣ ብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ ኢዩ። ናይ ስነ-ልቦና ሊቅ ዝኾነ ዣን ፒያዠ ከምዝገልጾ፡ ቆልዓ ካብ ዕሸልነቱ ጀሚሩ ኩሉ ነገር ብመንጽር ገዛእ ርእሱ ኢዩ ዘንብቦ። እናዓበየ ብዝኸደ፡ ኣብ 6-8 ዓመት ምስ በጽሐ እቲ ብመንጽር ገዛእ ርእሱ ንኹሉ ምጥማት ጠባዩ ንሕንጸተ እምነት ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣርባዕተ ጠባያት የን ጸባርቑ። ንሳቶም ከኣ፡

1. ንኹሉ ብመልክዕ ጠባያት ናይ ሰብ ምግላጽ፡ /Anthropomorphism/
2. ኣምስሎት/Artificialism/
3. ንኹሉ ህያው ገቢርካ ምሕሳብ /Animism/
4. ገቢረ-መንክራዊ ኣተሓሳስባ /Magism/

<u>1. ንኹሉ ብመልክዕ ጠባያት ናይ ሰብ ምግላጽ፡ /Anthropomorphism/</u>

ኣብ ከባቢ 6 ዓመቱ፡ ቆልዓ ንኹሉ ብመልክዕን ጠባያትን ናይ ዝፈልጦም ሰባት ገይሩ ይገልጾ። ልክዕ ብኣኡ መንጽር ከኣ፡ ናይ እግዚኣብሔር ዘለዎ ኣተሓሳስባ ልክዕ ምስ ወለዱን ምስቶም ከቢቦምዎ ዘለዉ ሰባትን እናመሳሰሎ ኢዩ ዝኸይድ። ንኣብነት እግዚኣብሔር ኣቦ ኢዩ፡ ይፈትወና ኢዩ፡ ሓያል ኢዩ፡ ወዘተ. . . ቢልካ ኣንተደኣ ገሊጽካሉ ኣብ ኣእምሮኡ ምስ ዘለዉ ሰባት፡ ከም ኣቦኡ ኢዩ ዘመሳስሎ። ሾውዓተ ዓመት ኣቢሉ ምስ በጽሐ እግዚኣብሔር ካብ ሰብ ፍልይ ዝበለ ገቢሩ ስለዝሓስቦ፡ ካብ ሰብ እቲ ዝለዓለ ክኢላ፡ ገቢሩ ይግምቶ። ኣምላኽ ከም ናቱ ክሓስቦ እንከሎ መመርከሲኡ፡ ኣብቲ ምስ ወለዱን ምስ መናብርቱ ዘለዎ ተመኩሮ ብምምስሳልን ኢዩ። ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ኣበየናይ ደረጃ ከምዘሎ ምስ ወለዱን ቤተሰቡን ዘለዎ ርክብን፡ ተመኩሮን ክፈልጥ የድልዮ።

<u>2. ኣምስሎት/Artificialism/</u>

ቆልዓ ንኹሉ ነገራት ብሰብ ከምዝተሰርሔ ገቢሩ ይግምቶ፡ ንኣብነት ጸሓይ፡ ሰማይ፡ ምድሪ፡ ወርሒ፡ መን ገቢርዎም? ቢልካ እንተደኣ ሓቲኣትካዮ ኣቦይ፡ ኣደይ ወይ ካልኦት ሰባት ንሱ

ዘድንቖም ይጠቅስ። ስለዚ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ብቐሊል ልዑል ገባሪ ከምዘሎ ክርዳእ ኣየሸግሮን ኢዩ። እቲ ልዑል ፈጣሪ ዝበሃል ግን መልክዕ ዝፈትዎምን ዓበይቲ ሰባትን ኢዩ ዘመልክት። ረቂቕን መንፈሳውን ገቢሩ ክግንዘቦ ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ብዛዕባ መንፈሳዊ ነገራት ከዛረቦ እንከሎ ነቲ ኩነት ናይቲ ቆልዓ ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ።

## 3. ንኹሉ ህያው ገቢርካ ምግማት /Animism/

ቆልዓ ንኹሉ እቲ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ኩሉ ህይወት ዘለዎ ገቢሩ ኢዩ ዝሓስቦ። ንኣብነት ወርሒ፣ ጸሓይ፣ እንስሳታት፣ ኣትክልቲ፣ ይሓስቡ ወይ ይዛረቡ ኢዮም ቢሉ ይግምት። ብኣኡ መንጽር ከኣ ካብቲ ምስ ወለዱ ዘለዎ ርክብ ናይ ሓልዮት ወይ ገናሕነት ተመርኲሱ ፍጡራትን፣ ነገራትን፣ ከም ዘፍቅሩ፣ ዝጸልኡ ገቢሩ ይሓስቦም። ንእግዚኣብሔር፣ ከኣ በዚ መንጽርዚ ከም ሓደ ሓላዪ፣ ወይ ከኣ ብኣንጻሩ ከም ተበቃሊ ቀጻዒ ወይ ከኣ ከም ሓደ ዘራዪ ገቢሩ ክግምቶ ይቐለሉ።
ኣብዚ ዕድመ'ዚ ናይ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ዓቢይ ብድሆ ንእግዚኣብሔር ከም ኩሉ ፍጡር ዘይኮነ፣ ከም ካልኦት ፍጡራት ብስምዒት ዘይለዓል፣ ሓላዪን ኣቦ ምዃኑ ኣናተገንዘበ ክዓቢ ኣድላዪ ኢዩ።

## 4. ገቢረ-መንክራዊ ኣተሓሳስባ /Magism/

ቆልዓ ንገዛእ ርእሱን ሰባትን ፍጥረታትን፣ ሕቡእ ሓይልን፣ መንክራዊ ኣገባብን ክእለትን ኣለዎም ቢሉ ይሓስብ። ኩሉ ዝኽእሉ ገቢሩ ከኣ ይግምቶም። ካብ ገቢረ መንክራዊ ኣተሓሳስባኡ ዝተላዕለ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ሓሳባቱን ተስፋኡን ከም መንቀሊ ናይቲ ኩሉ ንዓኡ ዘጋጥሞ ዘሎ ፍጻሜታት ገቢሩ ይኣምን። ቆልዓ ብመንጽር እምነት፣ ንኣምላኽ ከምዚ ኣፍቲኻ ሕራይ ተብሎ ገቢሩ ይሓስብ። ስለዚ ስርዓታት ምፍጻም፣ ንኣብነት ኣብ ቤተክርስቲያን፣ ልብሲ ምልባስ፣ ቅዳሴ ምግልጋል፣ ሽምዓ ምሓዝ፣ ከም መዘምር ኮይንካ ፍሉይ ኮይንካ ምርኣይ. . . ዝኣመሰሉ ተግባራት ምስ ኣምላኽ ከም መግለጺ ርክቡ ገቢሩ ይወስዶም። እዚ ዝንባሌኡ እውን

ሽሕኳ ንምስጢራውን ምልክታውን መግለጺ ናይ እምነትናኳ ከማዕብል ዝሕግዝ እንተኾነ፡ ንኣምላኽ ከምዚ ኣፍቲኻ ሕራይ ተብሎ ዘይኮነስ፡ እግዚኣብሔር ሕያውነትን ፍቕርን ብርእሳ ምኳኑ ከምዓቕሙ ክግንዘብ ይግብኦ። በብቑኑብ መንፈስ ናይቲ ዘዘውትሮ ዘሎ ተግባራት ትርጉም እናተገንዘበ ክዓቢ ይግባእ።

## ጽልዋ ፍቕሪ ዘለዎ ማሕበራዊ ርክብ ኣብ ኩስኮሳ እምነት ቆልዓ

ኣብ መዕበያ ቆልዓ ኣእምሮኣውን ፍቕራውን ማሕበራውን ምዕባሌ ንሕንጸተ ሃይማኖታዊ ምዕባሌኡን ብዙሕ ጽልዋታት ኣለዎ። ናይ ቆልዓ ኣእምሮኣውን ፍቕራውን መዕበያ ከማኡ'ውን ፍቕራዊ ስምዒታትን መግለጺ ምልክታቱን፡ ኩሉ ካብ ስድራቤቱን ካብቶም ብቐረባ ከቢቦምዎ ዘለዎ ስድራቤቱን ኢዩ ዝመሃሮ። ስለዚ ድሕረባይታ እቲ ቆልዓ ምድህሳስ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ስድራኡ ዝቐሰሞ ፍቕርን ሓልዮትን ዝተማህሮ ነጻነትን፡ ቀያዲ ወይ ደራቲ ኣገባብ ኣብ ልዕሌኡ ዝተጻዕነ ልክዕ፡ ብኣኡ መንጽር ኣብ እምነታዊ መዕበያኡ ከም መንጸፍ ኮይኑ ኣብ እምነታዊ ሕንጸቱ ዓቢይ ተራ ይጻወት። ናይ እግዚኣብሔር ዘለዎ ርክብን ስእልን ብመንጽር እዚ ርክብዚ ይቕረጽ። ቀጺሉ ካብ ክልል ስድራቤቱ ወጺኢ፡ ካብ ጎረባብቱ ጀሚሩ ካብቲ ዝነብረሉ ከባብን ዓድን፡ ዝገብሮ ናይ ርክብ ተመኩሮታት ንስነ መዕበያኡ ይጸልዎ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ምምህርና ትምህርተ ክርስቶስ ሰለስተ ነጥብታት ዓቢይ ግምት ክወሃበለን ይግባእ።

- ዳህሳስ መዕበያዊ ሃዋህው ቆልዓ ብመምህር ትምህርተ ክርስቶስ።

- መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ወለዲ ንደቆም ኣብ መንፈሳውነት ክሃንጹ ስነ-ልቦናዊ ጎድንታት ቆልዓኦም ኘኽፈልጡ ምሕጋዝ።

- ወለድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ቆልዓ ኣብ ገዛኡ ዝተማህሮምን ዘጥረዮምን፡ ካብ ከባቢኡ ዝቐሰሞምን፡ ኣብ ትም-ህርተ ክርስቶስ ዝመሃሮምን፡ ብጽቡቕ ከወሃህዶም ንምሕጋዝ ብሓባር ምውሳእን ቀጻሊ ምትሕብባርን የድሊ።

# ኣተሓሳስባ ቆልዓ ብዛዕባ እግዚኣብሔር

ወዲ ሰብ ናይ ኣምላኽ ዘለዎ ስእሊ ወይ ኣተሓሳስባ በቲ ምስ ሰባት ዘለዎ ተመኩሮ የመሳስሎ፡- ግን ከኣ ልዕሊ ኩሉ ዝኸእል ሰብን፡ ኣብ ኩሉ ይርከብ ዝብል ሓሳብ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ክርድኦ ይኸብዶ ኢዩ። ካብ 9 ወይ 10 ዓመት ንደሓር ብኣምሳል ዘረባ ቀ'ሩብ እናተገንዘቦ ይመጽእ፡ ኩሉ ብናይ ወለዱን ዝዓብዩዎን ወይ ዝፈትዎም ሰባትን ገቢሩ ይልክዖ። ስለዚ ንእግዚኣብሔር ዘለዎ ኣተሓሳስባ'ን ናይ ሰብ ኣቀራርጻ ኢዩ።

ብሓጺሩ፡

- ቆልዓ ኩሉ ገባሪ ኣለዎ ቢሉ ስለዝሓስብ፡ መን ጌሩዎ? ዝብል ሕቶ ዝምልስ ክኸውን ስለ ዝሓስብ ረቒቅን ምስጢራዊ ኣዘራርባን ከይዝረብ ምጥንቃቕ ይግባእ።ሕይወት ዘይብሎም ነገራት እውን ከም ዝሓስቡ ዝደልዩ ዝዛረቡ ገቢሩ ኢዩ ዝሐስቦም።

- ከምቲ ወለዱ ጽቡቕ እንተገበረ ዝንእድዎን ዝምጉስዎን ብኣ ንጻሩ ከኣ ዝግስጽዎን ዝቖጽዕዎን፡ ንእግዚኣብሔር እውን በዚ መንጽር'ዚ ኢዩ ዝርእዮ። ስለዝኾነ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ክንምህሮን ክንዛረብን እንከሎና እግዚኣብሔር ከም ሓደ ጽቡቕ እንተገበርካ ዝንእደካ እንተጋገኻ ከኣ ዝቐጽዕ ገናሕን ተመላስን ገቢሩ ኣብ ልቦናኡ ክቐርጾ ቀሊል ኢዩ። ዝያዳ እግዚኣብሔር ፍቕሪ ምዃኑ ክግንዘብ ክሕገዝ ኣገዳሲ ኢዩ።

- ቆልዓ ምስ እግዚኣብሔር ናይ እንካን ሃባን ጠባይ ኢዩ ዘለዎ።

- ቆልዓ ነቲ እነርእዮ ፍቕርን ክንክንን፡ ምቕሉል ኣቀራርባን ሓልዮትን ምስቲ ብዛዕባ እምነትን ሃይማኖትን እነመሓላልፎ መልእኽትን ብቐጥታ ስለ ዘተኣሳስሮ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ሓላዪ፡ ኣፍቃሪ፡ ሰናይ፡ ምዃኑ ክነረድኦን ውሉዳዊ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ከነሕድረሉ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ዕላማ ኢዩ። እዚ ግን ኣብ ጠባይ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ከንጸባርቕ ኣድላዪ ኢዩ።

ንኣብነት፣ መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ዝሃርም ሻቦጥ ወይ በትሪ ሒዙ ዝቖርብ፣ ዝጻረፍ፣ ዘፈራርህ፣ ወይ ኣምሳኽ ከይቀጽዓካ እናበለ ዘፈራርህ እንተደኣ ኮይኑ፣ ኣንጻር'ቲ ዝምህሮ ዘሎ መልእኽቲ፣ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኢዩ። ቆልዓ ከኣ ኣቓዲሙ ዝርድኦ መልእኽቲ እቲ ብቓላት ተነጊሩ፣ ብኣእምሮ ሓሳብ ኮይኑ ዝቐርብ መልእኽቲ ዘይኮነስ እቲ ኣብ ኣካላትና ዝርእዮ፣ ብተግባር ነዘውትሮ ነገራት ኢዩ ዝቐድሕ።

ስለዚ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስ ኮነ ወለዲ፣

- ብዛዕባ ዝጥቀምሉ ቋንቋ ክጥንቀቑ፣

- ንምእራም ይኹን ንምግናሕ ዝጥቀምሉ ሜላታት ዝድህልን ዘደንቍርን ዘይኮነስ ፍቕርን፣ ሓልዮትን፣ ብዓቕሙ እውን ከምዝሓስብ እናገበርካ ምምሃርን ምምዓድን የድሊ።

ቆልዑት ብጅምላ ክጥመቱ የብሎምን፣ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ናቱ ዝኾነ ስድራዊ ድሕረባይታ፣ ስምዒት፣ ኣረኣእያ፣ ስነ-ልቦና፣ ኣረዳድኣ፣ ናይ ኣእምሮ ብልሓት፣ ባህርያዊ ዝንባሌ፣ ምስ ካልኦት ናይ ምውሳእ ዓቕሚ ወዘተ ኣ ለዎ። ብኣኡ መንጽር ከኣ ብኣኽብሮት ምቕራቡ ይግባእ።

## ወለድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ብዛዕባ ቆልዓ ክፈልጥዎ ዘለዎም ነገራት።

* ቀጺሉ ኣብ ዝነቓቐፍ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ፈራዲ ይኸውን።
* ጽልኢ ወይ ተጻባእ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ተበኣሳይ ይኸውን።
* ፍርሒ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ጭኑቕ ይኸውን።
* ንዕቀት ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ሕዙን ይኸውን።
* ምንሻው ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ሓፋር ይኸውን።
* ኵርዓት ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓብየ ቆልዓ ቀናእ ይኸውን።
* ሕፍረት ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ወቓሲ ርእሱ ይኸውን።
* ምትብባዕ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ብርእሱ ዝተኣማመን ይኸውን።
* ምጽውዋር ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ዕጉስ ይኸውን።
* ናእዳ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ኣድናቒ ይኸውን።

* ተቐባልነት ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ኣፍቃሪ ይኸውን።
* ምትብባዕ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ገዛእ ርእሱ የፍቅር።
* ተፈላጥነት ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ዕላማ ምህላው ጽቡቕ ምዃኑ ይመሃር።
* ምክፋል ወይ ልግሲ ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ለጋስ ምዃን ይመሃር።
* ቅንዕናን ሓቅነትን ኣብ ዘለዎ ቤት ዝዓበየ ቆልዓ ሓቀይናን ርቱዕን ይኸውን።
* ምትእምማን ኣብ ዘለዎ ዝዓበየ ቆልዓ ኣብ ገዛእ ርእሱን ኣብ ካልኦትን እምነት የሕድር።
* ብምሕዝነት ዝዓበየ ቆልዓ ዓለም ብሰላም ክትነብረላ ትኽእል ናይ ሰናይ ቦታ ምዃና ይመሃር።
* ኣብ ህድኣት ዝዓበየ ቆልዓ በዓል ዕሩፍ ሓንጎል ይኸውን። (ብዶሮቲ ለውኖልት፣1954)

# 2 ሜላታት ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ

ትምህርተ ክርስቶስ ምምሃር ማለት ንክርስቲያናዊ ናብራ ምዕላም ብምዃኑ፣ ናቱ ዝኾነ ሜላ እውን ኣለዊዎ። ኣብ-ዚ ተዘርዚሮም ዘለዉ ሜላታት መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ከከም ኣድላይነቶም ብተበላሓትነትን ክጥቀመሎም ይኽእል ኢዩ።

## 1. ጸወታ

### “እምብልታ ነፋሕናልኩም ኣየልቀስኩምን” /ሉቃ 7,32/

ጸወታ ንቆልዓ ዓቢ ጉዳይ ኢዩ። ብመንገዲ ጸወታ ብ-ዙሕ መልእኽቲ ክመሓላለፍ፣ ብዙሕ ጎድንታት ናይ ክርስቲያናዊ መዕበያ ከኣ ኣብ ጸወታን ብጸወታ መልክዕን ክበራበር ይኽእል ኢዩ። መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ኮነ ወለዲ ጸወታን ቆልዓን መኻይዲ ምዃኖም ክርስዕዎ የብሎምን።

ቆልዑ ብጸወታ ካብ ዘጥርይዎም ነገራት፡-

- ምስ ገዛእ ርእሶምን ምስ ከባቢኦምን ምስ ቆልዑ ከምኣታቶምን ከምዝራኸቡ ይገብሮም።

- ሓድሽ ነገር ይመሃሩ፣ ይፍትኑ፣ ይምህዙ፣ ናይ ኣእምሮ ብ-ልሓትን ኣተኩሮን የጥርዩ፣ ሓሳባቶም ምግላጽ ይመሃሩ፣ ቋንቋ የማዕብሉ።

- ምስ ካልኦት ሰባት ተሳኒኻን ተሓባቢርካን፣ ተኸባቢርካን ምስራሕን ምንባርን ይመሃሩ።

- ዘለዎም ምስ ካልኦት ናይ ምክፋል ባህሪ የጥርዩ።

- ሓበራዊ ሕግታትን ስርዓትን ምኽባር ከምዘድሊ ይፈልጡ።

- ሕጉስ ምዃን የስተማቕሩ።

- ካብ ትህኪት ይላቀቑ።

- ተበኣስቲ ካብ ምዃን ተላዘብትን ተሳነይትን ምዃን ይመሃሩ።

- ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዘለዉ ቆልዑ ምርኻብ፣ ምሕዝነት፣ ፍቕሪ ቤተክርስቲያን የሕድረሎም።

መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ኣብ መደቡ ናይ ጸወታ መደብ ክሰርዕ ኣድላዪ ኢዩ። እዚ ክገብር እንከሎ ጸወታ ንጸወታ ዘይኮነስ፣ ንምሕናጽ መንፈሳዊ ጠባይን ማሕበራዊ ስኒትን መንፈስ ሕውነትን፣ ሓልዮትን ፍቕርን፣ ተሓባቢርካ ምኽኣል ንምሕናጽን ኢዩ። ስለዚ ኪዱ ተጻወቱ ቢሉ ንበይኖም ክገድፎም ዘይኮነስ ዝኣክል ነጻነት እናሃበ ከጻውቶምን፣ ከሰንዮምን ምስኦም ክሳተፍን ኣገዳስነት ኣለዎ። ጸወታ ብዓይነቱ ምስቲ ዕላማታት ትምህርተ ክርስቶስ ዝኸይድ ክኸውንን፣ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ብኸመይ ይሳተፍ ከምዘሎን በየናይ ጎድኒ ክዓቢ ከምዘለዎን ናይ መጽናዕቲ ግራቱ ምዃኑ ክግንዘብ ኣድላዪ ኢዩ። ንጽቡቕ ርክብን ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክብርታት ዘተባብዑ ጸወታታት ክፈጥር ዘድሊ መጋበሪ ክህልዎም ክጽዕር ትሑዝ ኢዩ።

## 2. ጊዜ

**“ንኹሉ ጽቡቕ ገይሩ ጊዜኡ ሰሪዑሉ ኣሎ።” /መክበብ 3,11/**

ንሕና ኣብ ጊዜን ቦታን ንነብር። ግዜን ቦታን ኣብ ህንጻት መንነትና ዓቢ ተራ ኣለዎ። ተዘክሮታትናን ናይ ሕጂ ህላዌናን ከኣ ብጊዜን ቦታን ኢዩ ዝካየድ። ጊዜን ኣጠቓቕማኡን ኣብ መዕበያ ትምህርተ ክርስቶስ ዓቢይ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣብ ሕብረተ-ሰብናን ንነብረሉ ዘሎና ኩነታትን። ቆልዑ ብትምህርትን ማሕበራዊ ግዴታን፣ ናይ ስድራ ልኡኽን ገና ብናእሽቱኦም እንከለዉ ጊዜ ይሓጽሮምን፣ ጸቕጥታት ይበዝሖምን ኣሎ። ሎሚ ዝያዳ ካብ ካልእ ጊዜ ኣብ ትሕቲ ጽላል ወለዶምን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ኮይኖም ስሩዕ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ዝከታተሉሉ ዕድልን ጊዜን ከኣ እና ጸበበ መጺኡ ኣሎ። ክንግንዘቦ ዘሎና እምበኣር፣ መጠን ናይ ትምህርተ ክርስ ቶስ ጊዜን ዕድላትን ዝወሓደሉ፣ መጠኑ ጊዜ ምድላው መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ክዓዝዝን፣ ነታ ክንረክቦም እንኽእል ጊዜ ብምሉእ ክጥቀሙላ ንምግባር ናይ ምብልሓት ክእለትና ክንስ ሕልን የድሊ። ኣብ ምሉእ ዓመት ዝዝርጋሕ መደባትና ኣብ ሰሙን ሓደ ወይ ክልተ ጊዜ፣ ከማኡ እውን ኣብ ናይ ፍርቂ ዓመት ዕረፍቲ፣ ወይ ክረምታዊ ዕረፍቲ ክኸውን ይግባእ። እዚ ብዘይ ብኩራት፣ ብግቡእ ተዳሊና፣ እቶም ቆልዑ እውን ምስ ስድራኦም ብምልዛብ ንዘየብኮሩ ኣተባባዕን ደራኽን ሃዋሁን እን ተፈጢርና፣ብግቡእ ምድላዋትን እንተደኣ ገቢርናዮ ዝኣክል ጊዜ ክህልወና ይኽእል ኢዩ። ከመይ ሰዓታት ናይ ምብዛሑ ዘይኮነስ ከመይ ገቢርና ነቲ ሰዓታት ንጥቀመሉ ኣዚዩ ወሳኒ ኢዩ።

መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ይኹን ወለዲ ክዝክርዎም ንላቦዎ፣ ሓደ ሓደ ነጥብታት ኣለዉ።

- መዕበያ ብጊዜ ዝጥረ መስርሕ ኢዩ። ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ኣብ ኩስኮሳ ንኹሉ ምጡን ጊዜኡ ክህቦ ይግባእ።

- ቅድሚ ኹሉ፣ ጊዜ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ መደቡን ፍሉጥ ይኹን። ተመሃሮ መምህር ኣብኸሩ ኢሎም ካብ ዝምለሱ መምህር ንተመሃሮ ክጽበ ይሓይሽ። ተመሃራይ ንመምህር ትምህርተ ክርስ ቶስ ከብኩር ክርእይዎ እንከለዉ ዓቢይ ዕንቅፋት ምኳኑ ክግንዘብ ኣለዎ። መምህሮም ጊዜኡ ኣኽባሪ ምኳኑ ንተመሃሮ ኣበራታዒ ኢዩ። ብኣንጻሩ መምህር ዘብኩርን ብዝግባእ ዘይዳሎን እንተደኣ ኮይኑ ነቲ ትምህርቲ ከቃልልዎን ሸለል ክብልዎን ምኽንያት ይኸውን። ተመሃራይ መምህሩ ይጽበዮ ምኳኑ ክፈልጥ እንከሎ ዝያዳ ይተግህ።

- ብዛዕባ ጊዜ ናይ ትምህርቲ ብዝምልከት ቆልዓ ብዙሕ ነገራት ብሓደ ጊዜ ክመሃር ቢልካ ኣይትሕሰብ። ከማኡ እውን ሓደ ዓይነት ኣገባብ ከኣ ንነዊሕ ኣይትጠቐም። ሓንቲ ዓይነት ትም-ህርቲ ብዝተፈለልየ ኣገባብ ብሕጽር-ሕጽር ዝበለ ጊዜን፣ ኣገባብ እናቀያየርካ ምምሃር ኣእምሮኡ የብልሖን ከይሰልቸዎ ከኣ ክመሃር ይኽእል። ንኣብነት ንዓሰርተ ደቒቕ ዛንታ ምስ ኣዘንቶኻሉ፣ ን ካልእ ዓሰርተ ደቒቕ ጥራሕ መዝሙር ኣዘምሮ፣ ወይ ንስእሊ ሕብሪ ክቐብእ ሓግዞ። ንካልእ ዓሰርተ ደቒቕ ከኣ ብርእሱ ዝጽናዕ ክደግም ሓግዞ። ንርብዒ ሰዓት ከኣ ናይ ጸወታ ጊዜ ሃቦ። ጊዜ ብጽቡቕ ዝተመቓቐለ ክኸውን ኣድላዪ ኢዩ።

- ታሪኽ ድሕነት ኣብ ስርዓተ ኣምልኾኣዊ ጊዜ ተሰሪዑ ስለ ዘሎ ናይ ስርዓተ ኣምልኾ ጊዜያት ማለት ከም በዓላት ጥምቀት ልደት፣ ወርሓት ትንሳኤ (ፋዚካ) ወዘተ፣. . . ቆልዓ ከምቲ ዓቕሙ ትርጉሞም ብምርዳእን ተዳሊዩ ክሳተፍን ሓግዞ። ከማኡ እውን ንጊዜ ስርዓተ ኣምልኾ ዝገልጽ ስእልታት፣ ሕብርታት በዓላትን ምልክታትን መግለጺኡን ክርዳእን ከዘውትርን መሃሮ።

- መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ትሕዝቶ ትምህርቱን ኣገባብ ኣወሃህባ ትምህርቱን ኣቐዲሙ ክሰርዕን ክዳሎን ዘድሊ መጋበሪታት ተዳሊዩ ክመጽእን ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ክንደይ ጊዜ ከምስዝወስድ፣ ወርሓዊ፣ ሰሙናዊ፣ መዓ ልታዊ ውጥን ወይ መደባት ክሰርዕ ሞራላዊ ጊዴታኡ ኢዩ።

## 3. ቦታ

**“ኣነ ደኣ ኣይፈለጥኩን ነይረ እምበር ብሓቂ እግዚኣብሔር ኣብዛ ቦታ'ዚኣ ኣሎ” /ዘፍ 28,16/**

**ቆልዑ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ነገራት ናይ ምስትብሃልን ምርኣይን ምድህሳስን ምስትምቓርን ኣዚዮም ፍሉያት ኢዮም። እዚ እንታይ ኢዩ? ናይ መን ኢዩ? መን ገቢርዎ? ንምንታይ? ቢልካ ምሕታትን የዘውትሩ ኢዮም። ቆልዓ ኣብ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ቦታ፣ ኣብ ገዛኡ ከምዘሎ መታን ክስምዖ እቲ ቦታ ብጽሬቱን ጽፈቱን፣ ኣተሓሕዛኡን ዝስሕብ፣ ንጸሎት ዝዕድም ክኸውን የድሊ። ነቲ ዝካየድ ዘሎ ትምህርትን መዕበያን ዘዥኻኽር፣ ገለ ስእልታትን፣ ጽሑፋት፣ ካልእ ንዓኡ ብዝመስል ዝስሕብ ምድላዋት ሕብሩ ውዕውዕን ደስ ዘብልን ክኸውን እንከሎ ሓጋዚ ኢዩ። ደስ ቢልዎ ክመሃረሉን ንዓኡ ክትጽበዮ ከምዝጸናሕካ ዝዕድም ሃዋህው ምፍጣር ኣድላዪ ኢዩ።**

## 4. ጸሎት ምምሃር

**“ኦ ጎይታና ጸሎት መሃረና።” /ሉቃ 11,1/**

**ቆልዓ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ መንፈሳዊ ኢዩ። ምስ ኣምላኽ በቲ ናቱ ዓቕሚ ክራኸብ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ንጸሎት ክዕለም ኣድላዪ እዩ። እንተኾነ ገርህይናን ብቋንቋኡ ቀሊልን ንሱ ክርድኦ ብዝኽእል ኣገባባትን ክንጥቀም ይግባእ። ብቐሊል ክስልችዎ ስለ ዝኽእል ሓጺር ክኸውን የድሊ።**

**- ጸሎት ምምሃር ማለት ንእምነት ምዕላም ኢዩ። ንሕጻናት ጸሎት ምምሃር ማለት ምስ እግዚኣብሔር ነራኽቦም ማለት'ዩ፣ ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ፍሉይ ኣቓልቦን ተበላሓትነትን የድልዮ ኢዩ።**

**ኣገባብ ጸሎት ምምሃር፦**

**- ቅድሚ ጸሎት ምጅማር ናይ ጸጥታን ህድኣትን ሃዋህው ምፍጣር የድሊ።**

- መምህር ትምህርቲ ክርስቶስ ብመንፈሳውነቱ በቲ ህዱእን ናይ ጸሎት ኣከያይዳኡን ዝያዳ ኩሉ ኣጸላልያ ክምህር ይኽእል ኢዩ። ቆላሕታኻን ሓሳብካን እናተሰርቀ፡ ናይ ተድምጾ ቃላት ኣቓልቦ ዘይብልካ ብርእሸኻ ዘጽናዕካዮ ጸሎት ምድጋም፡ ነቶም ሕጻናት'ዉን ምጽላይ፡ ቃልት ምድጋም ገቢሮም ክመሃርዎ ይኽእሉ። ስለዚ ልብን ኣእምሮን ዝወሃሃደሉ ከምኡ'ዉን ኣካላትና'ዉን ተኣርኒቡ ንኣምላኽ ክብሪ ይህብ ከምዘሎ ካብ ዓበይቲ ብዓይኖም ክርእዩ፡ ብመንፈሶም ከኣ ክግንዘብዎ መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ወለድን ዝከኣሎም ክገብሩ የድሊ።

- ኣብ ጸሎት ውሽጣዊ ተኣርንቦ ከምዘድሊ ኩልሳዕ ምዝካር የድሊ እዚ ከኣ ነቲ ሕጻን በብቁሩብ ክነለማምዶ ይግባእ።

- ቆልዓ ብልቡን ብኣእምሮኡን ብኣካሉን ክጽሊ ምምሃር የድሊ።
- ጸሎት ከምቲ ምስ ኣቦና፡ ኣዴና፡ ፈተውትና ንገብሮ ምውሳእ እምበር ናይ ፎርሙላ ጸሎት ምድጋም ከይከውን ብዝከኣለካ ብቐሊል ዝርድኦን ቃላት እና ኣወዓዋዕካ ኣዕብዮ። ካብ ልማዳዊ ናይ ጸሎት ኣገባብ ከኣ ተጠንቀቕ።

- ንኩነታት ናይ ሕይወት፡ ንጽቡቕ ኣጋጣሚታት፡ ተጠቒምካ ምጽላይ፡ ንሕይወት ብመንፈስ እምነት ምንባብን፡ ንመንፈሳ ውነትን ይዕልም።
- ብጸሎት ልመና ጥራሕ ወይ ዝያዳ ምልማን ጥራሕ ከይመሃር፡ ከመስግን፡ ክውድስ፡ ክሰግድ እውን መሃሮ።

ዓይነት ጸሎታት ኣብ ሰለስተ ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ።

1. ካብ ስርዓተ ኣምልኾ ዝተወስደ፡ ንምስጢረ ድሕነት ዘዘኻኽርን ንምስጋና ዝዕድምን ከማኡ'ውን ብተግባርን ምስክርነታትን ዝተሰነየ ምስ ተዮሎጊያዊ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን ዝሰማማዕን ክኸውን ይግባእ፡ ይኹን እምበር ስርዓተ ኣምልኾኣዊ ጸሎታት ንቆልዓ ክብርትየ ስለዝኽእል ቅልል ዝበለ ምምራጽ የድሊ።

2. ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝተወሰደ

መዛሙር ዳዊት ሓደ ካብኡ ኢዩ፣ ብቐሊል ክዝመርን፣ ክድገም ዝኽኣልን ምስ ህልው ናብራ ዝተሓሓዝ ኮይኑ ክዳሎ ዝኽኣል ኢዩ።

3. ዝተጸንዐ ጸሎታት

ከም ኣቦና፣ ሰላም ንዓኺ፣ ጸሎት ናብ ሓላዊና መልኣኽ . . . እዚ ዓይነት ጸሎታት'ዚ ትሕዝቶ ካቶሊካዊ እምነት ዝገልጽ ሓጺር ጸሎታት'ዩ። ይኹን እምበር ቀጻሊ መግለጺን ምርዳእን ዘድልዮ ኣርእስቲ ጸሎታት ኢዩ። ስለዚ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ስርዓተ ኣምልኾ እናኣዕሞቕካ ዝጽለ ኢዩ።

4. ብምልክታት ዝግለጽ፣-

ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዘሎ ቆልዓ ናብ ምግባር ዘድሃበ ስለዝኾነ፣ ንቓላት ብገላጺ ናይ ሰውነት ምንቅስቓስ ከሰንዮን ኩለንተናኡ ክሳተፍን ደስ ይብሎ። ዓበይቲ ዝገብርዎ ኩሉ ናይ ምቕዳሕ ድሌት ከኣ ኣለዎ። እቲ ቆልዓ ኣብ ልቡ ዘሎ ስምዒታት'ውን ይገልጽ። ንኣብነት፣ ምንብርካኽ፣ ኣእዳው ምልዓል፣ ምስጋድ፣ ኣእዳው ምስቃል፣ ዓይኒ ሰም ምባል ወይ ምጥቃስ . . .

1ይ ኣብነት

## ኣቦና ኣብ ሰማይ ትነብር ብምንቅስቓስ

"ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ስምካ ይቀደስ መንግስትኻ ትምጻእ"

ኣእዳዉ ከኣ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ርእሱ ንሰማይ ኣቕኒዑ።

"ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ'ዉን ኣብ ምድሪ ይኹን ይብሉ።"

ኣእዳዉ ከኣ ንቕድሚት ዘርጊሑ።

"መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና"
ከም ዝሰኣነ ክቕበል ዝተዳለወ ለማኒ ኣእዳዉ ንቕድሚት ዘርጊሑ።

"ዝበደልናካ ይቕረበለልና ንዝበደሉና ይቕረ ከምእንብለሎም"
ኣፍ ልቡ እናሃረመ።

"ናብ ፈተና ኣይተእትወና እንካብ ኩሉ ክፉእ ኣድሕነና"።
ርእሱ ኣድንን ኣቢሉ ኣእዳው ኣመሳቂሉ።

"ከመይ መንግስትን ሓይልን ክብርን ናትካ ኢዩ።
ኣእዳዉ ዘርጊሑ ንላዕሊ እናጠመተ።

"ኣሜን" ብፍልይ ብዝበለ ድምጺ።

2ይ ኣብነት

- ኦ ኣቦ ሰማይን ምድርን የመስግነካ ኣለኹ።
  ኣእዳው ብምንቕስቓስ
- ኦ ኣቦ ልበይ ናባኻ ኣልዕል ኣለኹ።
  ኣእዳው ንላዕሊ የልዕል።
- ኦ ኣቦ ፍቓድካ ይኹን።
  ኣእዳው የመሳቕል።
- ኦ ኣምላኽ ንሸኻ ኩሉ እትኽእል ንሸኻ ኩሉ ትፈልጥ ኣፍቅረካ ኣለኹ።
  ኣእዳው ብምልዓል ወይ ምልክት መስቀል ኣብ ኣፍልቡ ብምግባር።
- ጸሎተይ ናባኻ ከም ዕጣን ይዕረግ።
  ኣእዳው እናዘርግሐ ምልክት ወፈያ ምግባር።
- ኣምላኽ ሓላውየይ ኢዩ ዝጎድለኒ የብለይን።
  ርእሱ ብምጥቃስ ዓሚቑ ስግደት ይገብር።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎን ካልእ ምስ መዝሙር ዝተተሓዘን ተመሳሳልን ክግበር ይከኣል።

## 5. ካብ ልቢ ዝፈልፈለ ጸሎት

*መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ሓድሓደ ዛንታታት ቅ.መጽሓፍ ምስ ኣዘንተወ ወይ ከኣ ኩነታት ናይ ሓጎስ፣ ሓዘን፣ ሕይወት ናይ ስድራ ወይ ናይ ጉጅለ ምኽንያት ተጠቒሙ፣ ካብ ልቦም ዝፈልፈለ ጸሎት ክጽልዩ ክዕድም ይኽእል፣ ባዕሉ ከማኡ ኣ ዘውቲሩ ክጽሊ ምስ ዝርእዮም ከኣ ክመሃሩ ይኽእሉ። ወይ ከኣ ነቶም ቆልዑ እሞ ሕጂ ንኣምላኽ እንታይ ክንብሎ ኢና? ኢሉ ይሓቶም እሞ፣ ነቲ ዝበልዎ ብሕጽር ዝበለ ጽሒፉ በብሓደ ወይ ብሓባር ከምዘጸልይዎ ምግባር እቲ ጸሎት ናቶምን ኣሳታፍን ይኸውን።*

ካብ ቅ.መጽሓፍ ዝውሰዱ ጸሎታት ወይ ኣብ ዛንታ ቅ. መጽሓፍ ዝተመርኰሰ ጸሎታት ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል።

1ይ ንኣብነት ፡-

ብዛዕባ ፍጥረት ዓለምን ፍጥረት ሰብን ድሕሪ ኣዘንቲኻ፣

*መምህር፡-* ኦ እግዚኣብሔር ንሸኻ ዓቢይ ኢኻ ንሸኻ ኩሉ ትኽእል ኢኻ።
*ቆልዑ፡-* ኦ ኣምላኽና ንውድሰካን ነመስግነካን ኣሎና።

*መምህር፡-* ሰብ ኻኹሉ ፍጡር ክጥቀመሉ ሂብካዮ።
*ቆልዑ፡-* ኦ ኣምላኽና ንውድሰካን ነመስግነካን ኣሎና

*መምህር፡-* ኣትክልትን እንስሳታት ምሳና ኣብዚ ምድሪ ክነብሩ ፈጢርካዮም

*ቆልዑ፡-* ኦ ኣምላኽና ንውድሰካን ነመስግነካን ኣሎና።

ናእሽቱን ሓጸርቲ ጸሎታትን ካብ መዛሙር ዳዊት ብምውሳድ ወይ ደሪስካ ብፍሩይ ጽሒፍካ ደጋጊሞም ከምዘንብብዎ ምግባርን ምድግጋሙን እውን ሓጋዚ ሜላ ኢዩ። ድሮ ብናእሽቱኦም እንከለዉ ሓጺር ናይ ኣስተንትኖን ናይ ጸጥታን ጊዜ ምልምማድ ጽቡቕ ኢዩ።

2ይ ኣብነት

ኣስተንትኖ

ጠቐሲ፡- ኢየሱስ ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕደግዎም በለ። (ሉቃ. 18,16)

- ስእሊ ኣርእዮም እሞ ምስ ኣርኣኻዮም፡ ብህድኣት ኣብኡ ከምዝተረኽቡ ኮይኑ ከምዝስምዖም እናገበርካ ኣንብበሎም።

- ምስ ኣንበብካ፡ ስምዒቶም ቀስቅስ፡ ኣብኡ እንተ ትነብሩ ሓዋርያት ርሓቑ ክብልኹም ከለው፡ ኢየሱስ ግደፍዎም ክብል ከሎ፡ ምስ ኢየሱስ እንተ ትዛረቡዎኸ እንታይ ምበልኩምዎ፡ እንታይ ምተሰመዓኩም?. . .

- ንኻትኩም ኢየሱስ እንተትኾኑኸ?. . .

- ንሸኻትኩም ሓዋርያት እንተትኾኑኸ . . . .

ድሕሪ'ዚ ብጸሎት መልክዕ ነቲ መልእኽቲ ክግንዘቡዎ ምግባር ጽቡቕ ይኸውን።

## 6 ብርእሸኻ ምጽናዕ (ምሽምዳድ)

### "እቲ ቃል ኣብ ኣፍኩምን ኣብ ልብኹምን ኣዚዩ ቀረባኹም ኢዩ ዘሎ" /ዘዳ፡30,4/

ሓደ ካብቶም ብሉጻት ተውህቦ ደቂ ሰባት ናይ ምዝካር ክእለት ኢዩ። ቆልዑ ናይ ምዝካርን ብርእሸኻ ናይ ምጽናዕን ዓቅሞም ልዑል ኢዩ። ሓቅታት እምነት ብርእሸኻ ምጽናዕ ወይ ምሽምዳድ ኣብ ታሪኽ ትምህርተ ክርስቶስ ዝውቱር ሜላ ኢዩ። ንቆልዑ ብጥንቁቕ ዝተጸንዑ ትሕዝቶ ከምዝመሃሩ ምግባር መን ፈሳውን ኣእምሮኣውን ጥበብ ከምዘጥርዩ ምግባር ኢዩ። ቃል ብቓሉ

ምጽናዕ ማለት ኣብ ኣእምሮን ልቦናን ቆልዓ ሓቅታት እምነትና ምምዝጋብ ኢዩ። ቆልዓ ዝተማህሮ ኩሉ ናይ ምቅባልን ኣብ ዝኽሩ ናይ ምኽዛንን ምምዝጋብን ዓቕሙ ልዑል ኢዩ። ስለዚ ኣብ ጊዜ ቁልዕነት ኣድለይቲ ዚኾኑ ምስ ደረጃ ዕድሜኡ ዝኸዱ ሓቅታት እምነትና፡ ከም ሓጺር ጠቕሲ ቃል ኣምላኽ፡ ሓቅታት እምነታና (ከም ጸሎት ሃይማኖት፡ ኣቦና ኣብ ሰማይ.....ሰላም ነዓ ኺ......) ጸሎታት ስርዓት ኣምልኾ፡ ግጥምታት፡ መዛሙር ክመሃር ጽቡቕ ኢዩ። እንተኾነ ብልማድ ከይደግሞ፡ መግለጺ ብምሃብ፡ ብጽሞናን ምስትውዓልን ዝተሰነየ ጸሎት ክለማመድ ጽቡቕ ኢዩ። ትሕዝቶኡ ክርድኦ ብዝኽእል ቀሊል ቃላት ክኸውን ይግባእ። ኣብ ምምሃሩ ንሓንጎሉ ከየጨነቕካ ሓጺር ግዜ ኣብ መዓልቲ ብምድግጋምን ካልእ ንምዝካር ዝሕግዝ ሜላታት ብምጥቃምን ክኸውን ይምረጽ። /መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ ቁ. 154/

## 7. ክብርን ዝክርን /celebrations/

"ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ... እንጌራ ኣልዓለ... ወሲዱ... እንኩ ብልዑ እዚ ምእንታኹም ዝወሃብ ስጋይ ኢዩ፡ ንመዘከርታይ ግበርዎ በለ።"/ 1ቆረ.11፡23-24/

- በዓል ምግባር፡ ምሕጓስን ምዝካርን ምስቲ ክርስቲያናዊ ስነ-መዕበያ ኣዚዩ ዝተተሓሓዘ ኢዩ።
- ንቆልዑ ናይ ሓጎስን በዓልን ሃዋሁው ምፍጣር ንመዕበያኦም ኣዚዩ ሓጋዚ ኢዩ። ስለዝኾነ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ምስቲ ዕድሜኦም ዝሰማማዕ ናይ ሓጎስ ሃዋሁው ክፈጥር ኣድላዪ ኢዩ።

ንኣብነት፡

- ዕለተ ጥምቀቶም ብምዝካር ሓደ ፍሉይ መደብ ተዳሊዩ ኣብ ጊዜ ጥምቀቶም ከምዝተረኸቡ ገቢርካ ከምዝሕጎስሉን ትርጉሙ ከምዝርድኡን ክግበር ይከኣል።

ኣብ ዝኾነ ዝግበር ዝክር ግን ክርሰዓ ዘይብለን ክልተ ነገራት ኣለዋ፡-

1. እቲ ዝግበር ዝክር ንሕይወቶምን ንመዕበያኦምን ኣገዳስነት ዘለዎ ይኹን።
2. እቲ ኣብኡ ዝፍጸም ናይ ሓጎስ ሃዋሁው፡ ቦታ፡ ቃላት፡ ስቕታ፡ ምንቅስቓስ፡ ኣገዳሲ ክኸውን። ዘድሊ መግለጺታትን ምድላዋትን ከኣ ኣቐዲሙ ክግበር የድሊ።

ብሓባር ኮይኖም ናይ ዙረት መደብ፡ ምጋሽ ወይ ናብ ካልእ ቁምስና ብሓባር ምኻድ፡ ወይ ምስ ከማኦም ዝኣመሰሉ ቆልዑ ምርኻብ፡ ነቲ ዝግበር ክብርን ዝኽርን ድምቀት ክህቦ ይኽእል።

በዓል ምግባር፡ ብሓባር ብምኳን፡ ሓጎስን ደስታን ምግላጽ ኣምሳል እቲ መእመናን ብሓባር ኣብ ቤተ ትክርስቲያን ተኣኪቦም ሓጎሶምን ደስታኦምን ዝገልጽሉ ስለዝኾነ፡ ብዕቱብ ክተሓዝ እንከሎን፡ ብጽቡቕ ተዳሊዩ ክፍጸም እንከሎን ውጽኢታዊ ሜላ ትምህርተ ክርስቶስ ኢዩ።

## 8 ንጥፈታት

ቆልዑ 20% ካብቲ ዝሰምዕዎ፡ 30% ካብ ዝርእይዎ፡ 50% ካብ ዝርእይዎን ዝሰምዕዎን፡ 70% ካብ ዝዛረቡዎ ይመሃሩ ይበሃል። ሓደ ናይ ቻይናውያን ምስላ፡ “ክሰምዕ እንከለኹ ይርስዕ፡ ክርኢ እንከለኹ ይዝክር፡ ክገብር እንክልኹ ከኣ ይመሃር” ይብል።
ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ እውን ብገለ ንጥፈታት ዝተሰነየ ምስ ዝኸውን ንመዕበያ ሓጋዚ ኢዩ። መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ንተመሃሮ ኣሳታፊ ዝኾነሉ መጠኑ ዕዉት ይኸውን። ናይዚ ኣብነት ክኸውን ዝኽእል ንጥፈታት፡- ድራማ ምስራሕ፡ ኣሳእል ምስኣ ል፡ ስእሊታት ምልጋብ ወይ ምዝማድ፡ ወይ ሕብሪ ምልካይ፡ ዝሰምዕዎ ዛንታታት ምንጋር፡ ብርእሰኻ ምጽናዕን ከማኡ ዝኣ መሰሉን...የጠቅልል

## 9. ድራማ

ድራማ ሓደ ካብቶም ኣብ ጊዜ ንስእነት ንትምህርተ ክርስቶስ ኣዚዮም ሓገዝቲ ዝኾኑ ኣገባባት ኢዩ።
ንኣብነት፡-

ኢየሱስ ዓይነ ስዉር ከምዘሕወየ ሉቃ 12,35-42

*ተዋሳእቲ፥ ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱ፥ ዝሰዕብዎም ሰባትን ዓይነ ስውርን ገለ ዝዕዘቡ ሰባት።*

*መምህር ት/ክርስቶስ*
ኢየሱስ ምስ ብዙሓት ሰባት ናብ ኢያሪኮ ትበሃል ዓዲ ኣተወ። ካብኡ ክምለስ እንከሎ ብዙሓት ሰባት ይስዕብዎ ነበሩ። ኣዕሩኽ ኢየሱስ ሓዋርያት ይስዕብዎ ነይሮም፥ ኣዕሩኽ ሓዋርያት ምስኡ ነቢሮም። ንኢየሱስ ንስዕቦ ዘሎና ንሕና ኢና እናበሉ ሰዓብዎ፥ ቢሉ ይትርኽ።

*ዓይነ ስዉር*
ኣብ ሓደ ኩርናዕ ኮይኑ ይልምን፥

*ኢየሱስ*
እናኸደ እንከሎ ነቲ ዕዉር ብፍሉይ ይጥምቶ፥ እቶም ምሳኡ ዝነበሩ ግን ብዙሕ ኣየቕለቡሉን።

*ዓይነ ስዉር*
“መን ኢኻ ትሓልፍ ዘሎኻ? ናብ ኢየሱስ ግዳ ውሰደኒ! ኣታ በጃኹም ምስ ኢየሱስ ግዳ ኣራኽቡኒ!”

ሓደ ካብቶም ሰዓብቲ ኢየሱስ
“ኢየሱስ ኢዩ ዝሓልፍ ዘሎ ለምኖ ከሕውየካ ኢዩ።”

*ዓይነ ስዉር*
“ኢየሱስ በጃኻ መሓረኒ ንኣይ ንጭኑቕ ሓግዘኒ! ደንግጸለይ”! በሎ

*ሕዝቢ*
“ስቕ በል! ስቕ በል! ንሰብ ኣይተሸግር። ኽንደይ ይልምንዩ ታ!!”

*ዓይነ ስዉር*
“ኢየሱስ በጃኻ መሓረኒ!! ኦ መምህር ዓይንኻ ትብራህ ኣብር-ሃለይ!!” /ዓው ብዝበለ ድምጺ።/

*ኢየሱስ*

*ዓይነ ስዉር*
"መን ኢኻ ኣታ መንድኣ'ዩ ሓሸሽ ዝብል ዘሎ።"

*ሓደ ካብ ሕዝቢ*
"ኣጆኻ ተንስእ ኢየሱስ ይጽውዓካሎ።"

*ኢየሱስ*
"እንታይ ክገብረልካ ትደሊ?"

*ዓይነ ስዉር*
"ዓይነይ ኣንቐሓለይ ከምዝርኢ ግበረኒ በሎ።"
በጃኻ ኣነ ተጨኒቐ ኣለኹ ሓግዘኒ ደንግጸለይ!! ደንግጸለይ!! ዝረግጾ ኣይርኢ ዝበልዖ ኣይርኢ። ክንደይ ጊዜ ኣብ መንገዲ ወዲቐ። ምርሑኒ እናበልኩ ክንደይ ሰብ ኣሸጊረ።

*ገሊኦም ካብቶም ምስ ኢየሱስ ዝነበሩ።*

ስቕ በል ሰብ ኣይተጽምም!!!

*ዓይነ ስዉር*
ኢየሱስ በጃኻ ደንግጸለይ! ኢየሱስ በጃኻ ደንግጸለይ!

*ኢየሱስ*
(ኢየሱስ ድንጋጼ የርኢ ዓይኑ ይትንክፎ) "ሳላ እምነትካ ሓዊኻ ኢኻ ተንስእ!"

*ዓይነ ስዉር*
እቲ ዕውር ዓይኑ ሓስዩ ይነቅሕ!
ቀልጢፉ ንኢየሱስ እናኣመስገነ ይስዕቦ።
ኩሎም ቀልዑ ብሓባር ይዝምሩ።

*ቀልዑ ብሓባር መዝመር ምስጋና ይዝምሩ*
"ወዲ ዳዊት መሓረኒ"

## 10. ግጥሚ

"ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መዝሙር ዘምሩ።" /መዝ 96፥1/

ግጥሚ ንቆልዑ ሓቅታት ናይ እምነትና ብቐሊል ከምዘጽንዕውን ከምዝምሰጡን ይገብሮም። ኣብ ኣእምሮኦም ሓዲሩ ጸጺኒሑ እናበርሀን ንርድኢቶም እናመገበን ዝኸይድ፣ ሜላ ኣ መሃህራ ብምዃኑ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ክጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ።

ኣብ ጥብቆ ናይዚ መጽሓፍ ነንምዕራፉ ዝምልከት ግጥምታት ኣሎ። መምህር ኣድላዪ ቢሉ ብዝኣመነሉ፣ ምስ ምዕራፍ እናኣ ተሓሓዘ ይሓይሽ ኣብ ዝበሎ ክጥቀመሎም ይከኣል። ወይ ከኣ ባዕሉ ክምህዝ ይከኣል።

## 11. መዝሙር

"ነቢዩት ማርያም ሓውቲ ኣሮን ከበሮ ሒዛ ተላዕለት፣ ኩለን ኣንስቲ ድማ ከበሮ ሒዘን ብሳዕሳዒት ደድሕሪኣ ወጻ። ማርያም ከኣ ናብ ኣምላኽ ዘመረት።" /ዘጸ. 15፥20-21/

ዜማ ወይ መዝሙር ንልቢ ማሪኹ ንኣእምሮ ይቆጻጸር። ንኣስተንትኖ ይዕድምን መንፈስ የነቓቕሕን። ሓቂታት ናይ እምነትና ብቐሊል ኣብ ኣእምሮን ኣብ ልቢ ቆልዑን ክቐርጽ ዝኽእል ሓጋዚ መሳርሒ ኢዩ። መዝሙር፣ ምስ ሰባት፣ ምስ ኣ ምላኽ ምስ ተፈጥሮ ዘለዎም ርክብ ዘወዓውዕ መጋበሪ ኢዩ።

ንቆልዑ ዝቐርብ ዜማ ወይ መዝሙር ብትሕዝቶ ናይ ቃላቱ ቀሊል ቃናኡ ብቐሊል ክተሓዝ ዝኽእል ንቆልዑ ዘየሸግር ሓጺር ክኸውን ይምረጽ። ኣብዚ ዕድመዚ ዘለዉ ቆልዑ ዝዝምርዎ መዛሙር፣ ብምንቅስቓስ ኣካላት ዝተሰነየ ምስዝኸውንን ምስ ዕለታዊ ተመኩሮኦም ዝተተሓሓዘ ክኸውን እንከሎን፣ ውጺኢቱ ዝዓዘዘ ይኸውን።

ዳህሊሎም ደቒሞም ወይ ተገዲዶም ከይዝምሩ ምጥንቃቕ የድሊ። ከመይ፡ መንፈሳውነትን ወንን ዘይተሓዋሶ መዝሙር ጸሎት ክኸውን ኣይክእልን ንመዕበያኦም ከኣ ኣይሓንጽን ኢዩ።

## 12. ስእሊ

"ክርስቶስ ናይቲ ዘይርአ ኣምላኽ ምስልን ልዕሊ ኩሉ ፍጥረትን ዝኾነ ቦኽሪ ወዲ እግዚኣብሔር ኢዩ።" /ቆሎ1,15/

ስእሊ ወይ ምስሊ ካብ ቃላት ንላዕሊ መልእኽቲ የመሓላልፍ። ኣብ ታሪኽ ቤተክርስቲያን ትምህርተ ክርስቶስ ንታሪኽ ድሕነት ብመልክዕ ስእልን ምስልን ብምግላጽ ኣብ ልቦና ደቂ ሰባት ክቕረጽ ኽኢሉ።ናይ ሎሚ ቆልዑ ብፍላይ ከኣ እቶም ተለብቖሮን ክዕዘቡ ዝኽእሉ ናይ ስእሊ ምርኣይን ምግንዛብን ክእለቶም ዝበርትዐ ኢዩ።

ኣብዚ መጽሓፍ ትምህርተ ክርስቶስ ዘሎ ኣሳእል ምስ ቲ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ኢዩ። ዕላማኡ ከኣ ነቲ ብወለድን ብ-መምህር ትምህርተ-ክርስቶስን ዝተዘንተወ ታሪኽ ቅዱስ መጽሓፍ ብዝበለጸ ኣብ ኣእምሮ እቲ ቆልዓ ንኽቕረጽ ኢዩ። ስለዚ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ብዙሕ ኣቓልቦ ክገብረሉ የድሊ። ብዝተኻእለ ነቲ ጽሑፍ ብወለዱ ወይ ብመምህር ትምህርተ ክርስቶስ ተሓጊዙ ሕብሪ ክለኽዮ ጽቡቕ ይኸውን። መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ካልእ ኣሳእል ኣዳሊዩ ክመጽእ ወይ'ውን ንቆልዑ ክስእሉ ከተባብዕ ጽቡቕ ይኸውን።

- ስእሊ ብምርኣይን፡ ብምስኣልን ንኣስተንትኖን ተመስጦን ነቲ ተገንዚብዎ ዘሎ ከዕምቖን ናቱ ክገብሮን ይሕግዝ፣ ኣብዚ ብዛዕባ ጽባቐ ናይ'ቲ ስእሊ ዘይኮነስ ብዛዕባ'ቲ እቲ ቆልዓ ዝህቦ ትርጉም ምስኡ ምንባብን ምግንዛብን ኣድላዪ ኢዩ።

- ስእሊ ብምስኣል ናይ ምሕሳብ ምግንዛብን ኣተሓሳስባኡ ኣዕብዩ ንኽርከብ ይዕድም።

## 13. ምዝንታው /ኣቐራርባ ዛንታታት

### "ብምስላታት ተዛረቦም" /ሉቃ 7,14-43, 10፣30-37/

ዛንታታት ምዝንታው እዚ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዘሎ ቆልዓ ዛን ታታት ብዓቢይ ተገዳስነት'ዩ ዝሰምዕ። ሓንቲ ዛንታ ብተደጋጋሚ' ውን እንተተነግረት ከይሰልቸዎ ይሰምዓ። መልእኽታ እቲ ኩሉ ሕያው ኢዩ ዝብል ስምዒቱ ተስፋኡ፣ ብኹሉ ልቡ የቕልበሉ መምህራን ትምህርተ ክርስቶስ ቅ.መጽሓፋዊ ታሪኽ ብጽቡቕ ብምትራኽ ንቆልዓ ልቦናኡ ክስሕቡ ይኽእሉ ኢዮም። ታሪኽ ምንጋር ማለት ንሕይወት ዝመርሕ ትርጉም ዝህብ ናይ ሕይወት ጎደና ምሕባር ማለት ኢዩ። ዛንታን ታሪኽን ብምትራኽ ህንጡይነቱን ሓሳባቱን ስሒቡ፣ ምስቲ ናይ ዓበይቲ ዓለም ክላለ ይደፋፍኦ። ካብ 4-7 ዓመት ዘሎ ቆልዓ ብታሪኻዊ ኣቀራርባ ትምህርተ ክርስ ቶስ ፍሉይ ርክብ ምስ ቅ. ስላሴ ክንገር ይከኣል ኢዩ።

ዕላማ ትምህርተ ክርስቶስ ታሪኽ ድሕነት፣ እግዚኣብሔር ዝገበረልና ድንቂ ነገራትን ምትሕልላፍ ስለዝኾነ ምዝንታው ብቑዕ ሜላ ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ ኢዩ። ስለዚ ሕይወት ቅዱሳን ምስክርነት ተበዓት ክርስቲያን፣ ሰናይ ተግባራትን ብመልክዕ ዛን ታ ምስቲ ዕድሚኡ መዚኑ ከቕርብ ይኽእል ኢዩ። ቆልዓ ዛንታ ክሰምዕ እንከሎ ብቐሊል ምስ ሕይወቱ ከተሓሕዞ ስለ ዝኽእል ብውዕዉዕ ኣገባብ ምንጋሩ ሓጋዚ ኢዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን 2ሳሙ 12፣17 ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ቅዱስ መጽሓፍ ብሓፈሻኡ ናይ እግዚኣብሔር ተግባርን ናይ ደቂ ሰባት ባህጊ፣ ሓጎስን ስቓይን፣ ተስፋን፣ ውድቀትን፣ ዓወትን ዘዘንቱ ስለዝኾነ ብዝግባእ ክዝንቶን ክመሓላለፍን ኣድላዪ ኢዩ።

ብዓይነቱ ከኣ፡-

- ገርህይና፡- ምስቲ ናይቲ ቆልዓ ደረጃ ዝተመጣጠነ።
- መልእኽቲ ሓዘል፡- ምስቲ ዕለታዊ ተመኩሮ'ቲ ቆልዓ ዝተኣሳሰረ።
- ኣብ ጊዜኡ ክትረኽሉ፡- ምስቲ ትምህርቲ ወይ ስርዓተ ኣምልኾ ወይ ኩነታት ናይ ሕይወት ዝኸይድ።

- ብህዱእ ኵነታት፡- መንፈሶም ዝያዳ ኣብ ዝቕበለሉ ሃዋሁ ምርካብን ምፍጣሩን።
- ኣብ ሓቅነት ናይ ሕይወት ዝተመርኮሰ፡- ናይ ዛንታ ህንጡይነቶም ንምርዋይ ጥራሕ ዘይኮነስ መንፈሳዊ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ስለዝኾነ ብሓቂ ክንገሮም ምስቲ ዝሰምዕዎ ዘለዉ ታሪኽ ከኣ ብገለ መልክዑ ንሳቶም እውን ናይ ተሳትፎ ስምዒት ክሕድሩ የድሊ።
- ብጸሎት ምዝዛም፡- ድሕሪ ምዝንታውና ነቲ ትሕዝቶ'ቲ ዛንታ ናብ ናይ ሕይወትን መንፈስን ውሽጣዊ ፍኽርን ናይቲ ቆልዓ ኣትዩ መታን ክለዓዓል ብጸሎት፣ ወይ ብመዝሙር ወዘተ... ክን ዛዝም የድሊ፣
- ብንጥፈታት፡- ከም ድራማ ምስራሕ ኣሳእል ምቕባእ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ምስቶም ኣብ'ቲ ዛንታ መጽሓፍ ዝዝንተዉ ዘለዉ ሰባት ርክብ ከምዝህልዎ ይገብሮ።

## 14 ስነ-ምግባር ምልምማድ

ቆልዓ ካብ ወለዱ፣ ካብ ኣሕዋቱ፣ ካብ መምህራኑ፣ ካብ መጻውቱ፣ ካብ ኩላቶም ይመሃር። ስለዝኾነ፣ እዚኣቶም ኩሎም ምስኡ ዝኸቡዎ ሰባት ጥንቂቓትን እሩማትን ምስ ዝኾኑ ንሱ'ውን ካብኦም ክመሃር ይኽእል። "ምስ መን ትውዕል ንገረኒ'ሞ መን ምዃንካ ክነግረካ" ከምዝበሃል ምስቶም መዋዕልቶም ክመስሉ ኢዮም።

መሰረት ስነ-ምግባር ፍኽሪ ስለዝኾነ ቅድሚ ኩሉ ንሕጻናት ፍቅሪ ብፍኽሪ ክነምህሮም ይግባእ። ከምቲ ቅዱስ ዮሓንስ ቦስኮ ዝጥቀመሉ ሰለስተ ሜላታት መዕበያ፣

1. ሕያውነት
2. ልቦና
3. ሃይማኖት፣ ክንምህሮም የድሊ።

ኣብ ክንዲ ምድሃል፣ ምጽራፍ፣ ወይ ናይ ኣካል መቕጻዕቲ ምዝውታር፣ ብኣእምሮን ብፍኽርን ክስነ የድሊ። ብኣእምሮ

ክበሃል እንከሎ፣ ነቲ ቆልዓ ተቐዳዲምካ ክንዲ ትግስጾ ብትዕግስ ቲ ክተዋስኦ፡ ምኽንያታቱ ክትፈልጥ ንልቦናኡ ክትሓትት፡ ን ርዲኢቱን፡ ዝገበሮን ዘጉደሎን ዝወሰኾን ስለምንታይን ክፍለጥ ኣድላዪ ኢዩ።

ናይ ኣካል መቕጻዕቲ፡ ከም ምህራም፡ ምምብርካኽ.፡ ምንሻው...ምስቲ ፍቕሪን ኣኽብሮት ሰባትን ዝመሰረቱ ክርስቲያናዊ ስነ-ምግባር ዝጻረር ስለዝኾነ፡ ካብ ጠቕሙ ጉድኣቱ ይበዝሕ። ክዝውተር'ውን የብሉን። ንገለ ካብ መስመር ዝወጹ ቆልዑ፡ ናይ መወዳእታ ምርጫን፡ ንምእራም ዝዓለመ እውን እንተኾነ ብፍቅርን ሓልዮትን ዝተሰነየ ክኸውን ግን ኣመራጺ የብሉን።

## መሰል ሕጻናት

ቆልዑ ብዝግባእ ተኾስኪሶም ክዓብዩ ናይ ወለዲ ዓቢይ ሓላፍነትን ናይቶም ቆልዑ መሰልን ኢዩ። ኣብዚ ዝግበር ኩስኮሳ ወለዲ ይኹን መምህራን ብዝግባእ ኣገባብ ገቢሮም ክእርምዎም ይግባእ። ኣካላቶምን ኣእምሮኦምን ዝጎድእ ኣገባብ ክጥቀሙ የብሎምን።

ኣብ ፍሉይ ኩነታት ዝርከቡ ቆልዑ ካብ ወለዶም ዝተፈልዩ ብሞት፡ ብሕማም፡ ብፍትሕ፡ ብድኽነት፡ ብምፍልላይ ሃይማኖት፡ ካብ ወለዲ ብሓደ ጎድኒ ጥራሕ ስለዝእለዩ ፍሉይ ጥንቃቐ ዘድልዮም ኢዮም። ከመይ ድሕረባይታኦም ነቲ ዝቐርቦም ዘሎ መዕበያ ዘይድግፍን ዝጻረርን ክኸውን ስለዝኽእል ገዛኦም ብ-ምብጻሕ፡ ምስቶም ዘዕብዩዎም ብምልዛብ፡ ፍሉይ ኣቓልቦ ምግባር ንክርስቲያናዊ መዕበያ ኣዚዩ ይሕግዝ።

- <u>ኣብ ፍሉይ ኩነታት ዝርከቡ ቆልዑ</u>

ሽሕ'ኳ ንዓታቶም ዝኸውን ፍሉይ መደብን፡ ትሕቲ ቅርጽን፡ ትምህርትን፡ ሜላታትን ዘድልዮ እንተኾነ፡ ስንኩላን፡ ንኣብነት ከም ጸማማትን ዕዉራትን ከምኡ ዝኣመሰለ ስንክልና ዘለዎም እውን ክርስቲያናዊ ስነ-መዕበያኦም ብኸመይ ክትግበር ከምዝከኣል ኣብ ቁምስና ምስ ወለዲ ምዝታይ የድሊ።

ቤተክርስቲያን ንመሰል ደቂ ሰባት ምኽባር ካብ ኢየሱስ መምህራ ዝተቐበለቶ ሓደራ ኢዩ። ባይታ መነባብሮ ደቂ ሰባት መርሚራ ንመሰል ደቂ ሰብ ዚሃስዩ ኣገባባት እንታይ ምዃኖም ትፈልጥ። ንኹላቶም እቶም ንመሰላት ደቂ ሰባት ዝሃስዩ ነገራት ከኣ ብዕቱብ ትቃወምን ትቃለስን። /መርሓ ትምህርተ ክርስቶስ ቁ. 18/

# ሓፈሻዊ ዕላማን ኣገባብን
# መጽሓፍ ትምህርተ ክርስቶስ ንቀልዑ

ዋና ዕላማ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ንዝኾነ መእመን ምስ ክርስቶስ ምርኻብ ኢዩ። ንቆልዓ ትምህርተ ክርስቶስ ምምሃር እምበኣር፡ እምነት ምምዕባል ውሽጣዊ ናይ ኣማኒ ጠባይ ምህናጽ ደኣ እምበር ሓቅታት እምነትና ንምፍላጥ ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን። ስለዚ ቆልዓ ኣሰር ኣሰር ኢየሱስ ክስዕብ፡ ነቲ ዝመሃሮ ዘሎ ሓቅታት ሃይማኖት ምስ ሕይወት ከተሓሕዞን ብስነ-ምግባር ከሰንዮን ክንምህሮ ፍሉይ ኣተኩሮ ክንገብር የድሊ። እምነት ናይ ውልቅና ስለዘይኮነ ማሕበራዊ ጎድኒ ናይ ሃይማኖት እውን ሓደ ክፋል ናይ ክርስቲያናዊ መዕበያ ኢዩ።

ቆልዓ ንትምህርተ-ክርስቶስ ክመጽእ እንከሎ፡ ምስ ከማኡ ዝኣመሰሉ ብእምነት ኣሕዋቱን ኣሓቱን ዝኾኑ ክርስቲያን ክራኸብ፡ ምስኦም ክመሓዞ፡ ምስኦም ክዓብን ክስጉምን፡ ኣባል ክርስቲያናዊ ማሕበር ምዃኑ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ክለምዶ ምኹስኳሱ የድሊ።

- ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ብዛዕባ ጸገም ኣሕዋቱ ክግደስ፡ ብዓቕሙ ንጽጉማት ምግልጋል ክመሃር ኣለዎ።

- ከም ኣባል ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ኣባል ኩሉ ፍጡርን ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ፍቕርን ኣኽብሮትን ናይ ተፈጥሮ ክህልዎ ምምሃሩ ኣድላዪ ኢዩ።

ነዚ ዕላማ'ዚ ኣብ ተግባር ንምውዓል ምእንቲ ክሕግዝ ከኣ እዚ መምርሒ እዚ ተዳልዩ ኣሎ።

# ሓፈሻዊ ኣቀራርባ መጽሐፍ ንናእሽቱ

እዚ ንናእሽቱ ማለት ካብ 6 ክሳብ 7 ዓመት ዝዕ ድሜኦም ተባሂሉ ተዳሊዩ ዘሎ መጽሓፍ መተካእታ ናይቲ ንብ- ዙሕ ዓመታት ዘገልገለ "ብመን ፈጠረና" ዝፍለጥ ንኡስ መጽሓፍ መተካእታ ኢዩ። ኣቀራርባኡ ገርሂ ብዙሕ ጽሕፈትን ዝንበብ ነገራትን ዘይብሉ ውሑድን ምስ ደረጃኡ ዝኸይድ ብርእሰኻ ዝጽናዕ ጸሎትን፡ ብቐሊል ንቆልዑ ዝስሕብን ተሓሲቡ ኢዩ ተዳልዩ።

## ትሕዝቶኡ

1. ገዛና
2. ምልክት መስቀል
3. መዓልቲ ጥምቀተይ
4. ቊምስናና
5. ቤት ትምህርተይ
6. እግዚኣብሔር ኻሹሉ ፈጢሩ
7. ኖህ
8. ኣብርሃም
9. ሙሴ ንሕዝቢ እስራኤል ብባሕሪ ከምዘሳገሮም
10. መልእኽ እግዚኣብሔር ንእግዝእትነ ማርያም ኣበሰራ
11. ልደት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ
12. ሰብ ጥበብ ንኢየሱስ ሰገዱሉ ህያባቶም ኣወፈዩሉ
13. ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ
14. ኢየሱስን ሕጻናትን
15. ኢየሱስ እንጌራ ኣበርከተ
16. ኢየሱስ ማዕበል ኣህድአ
17. ኢየሱስ ንዕዉር ኣሕወየ።
18. ኢየሱስ ንሓዋርያት ጸሎት ምሂርዎም
19. ሓላዊና መልኣኽ
20. ዕለታዊ ጸሎታት

ትሕዝቶ ናይዚ ንኡስ መጽሓፍ እዚ ኣብ ሰለስተ ይምቀል።

1. ኣብዚ ዕድመ'ዚ እቲ ቆልዓ ምስ ጎረባብቱ ክላለ ንቤተክርስቲያንን ንቤት ትምህርትን፥ ምስ ወለዱን፥ ምስ ብጾቱን፥ ኣሕዋቱ ክኸይድ ስለ ዝጅምር፣ ነዚ ኩሉ ዝላለዮ ዘሎ ሓዲሽ ኩነታት ብጽቡቕ ክርስቲያናዊ ስምዒት መታን ክርድኦ እተን ሰለስተ ቀዳሞት ትምህርቲ ይወሃባኦ።

2. ካብ ቁጽሪ ሓሙሽተ ክሳብ ሾሞንተ ዘለዋ ከኣ ካብ ፍጥረት ዓለምን ሰብን ብምጅማር፣ ሓጺር ታሪኽ እምነት ኣቦታትና ዝኾኑ ናይ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝተጠቕሱ ፍሉያት ፈተውትን ተኣዘዝትን እግዚኣብሔር ከም በዓል ኖህ ኣብርሃም ሙሴን ይፈልጥ። እዚ ከኣ እቲ ቆልዓ ናይ ታሪኽን ዛንታን ህንጡይነቱ ተጠቒምና ብእምነትን ተስፋን ምእዝዙነት ኣምላኽን እናዓበየ ንክኸይድ ይሕግዝ።

3. ካብ ቁጽሪ ሾሞንተ ክሳብ ዓሰርተው ሾመንተ ዘሎ፥ ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ ዋና ትሕዝቶ ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ስለዝኾነ፥ ብሕጽር ዝበለ ብመልክዕ ታሪኽ ህይወት ኢየሱስን ዝፈጸሞም ናይ ድሕነት ምልክታትን ይገልጽ። እዚ ከኣ ቅ.ገብርኤል ንእግዝእትነ ማርያም ከምዘበሰራ፣ ጊዜ ሕጻንነት ኢየሱስ፣ ኢየሱስ ሕጻናት ከምዝፈቱን ናብኡ ክመጹ ከምዝጸውዐን፥ የቕርብ። ቀጺሉ ኢየሱስ ዝፈጸሞም ምልክታት ድሕነት፥ ከም እንጌራ ምብርካት፥ ማዕበል ምህዳእን ይትረኽሎም። ኣብ መወዳእታ ብሓጸርቲ መሰረታውያን ጸሎታት ይዛዝም።

- ምስ'ቲ ትምህርታት ዝተተሓሓዘ ሓጸርቲ ግጥሚታት፥ ድራ-ማታት፥ መዛሙር እውን ሓጋዚ ስለዝኾነ ገሊኡ ኣብዚ ጽሑፍ ኣሎ፥ ገሊኡ ከኣ ኣብ መጽሓፍ መምህር ትምህርተ ክርስቶስን፥ ኣብ መሃዝነቱን ይግደፍ።

- ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ብስእሊ ዝተሰነየ ኢዩ። እዚ ከኣ ስእሊ ንቆልዓ ብቐሊል መልእኽቲ ዘመሓላልፍ፥ ክዝክሮ ዝኽእል፥

ዝስሕቦ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ነቲ ኣሳእል ከኣ ብመምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ብወለድን ተሓጊዙ ሕብሪ ይለኽዮ። ሕብሪ ምልኻዩ ኣገዳሲ ዝኸውን ነቲ ታሪኹን መልእኽቱን ብቀሊሉ ኣብ ልቦናኡን ተዘክሮኡን መታን ክሓድር ኢዩ።

## ናይ ትሕዝቶኡ ዕላማታትን ኣገባባትን

ንነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ሓጺር ዕላማ ኣለዎ። መምህር ትም-ህርተ ክርስቶስ ድሕሪ ምምሃሩ ነቲ ዕላማ በጺሑዎዶ ኣይበጽሓን ንምግምጋም ክሕግዞ ይኽእል። ብዛዕባ ኣገባባት ግን ገለ ሓሳ ባት ንመሃብ ደኣ እምበር መምህር ባዕሉ ዝያዳ እናተበላ-ሓተ ከሃብትሞ፣ ምስቲ ህልው ኩነታት ናይ ተመሃሮኡ እናኣመዛዘነ ዝሓሸ ኣገባብ ክጥቀምን ትጽቢት ይግበረሉ።

### 1. ገዛና

*ዕላማ*

- ስድራቤት ንእሽቶይ ቤተክርስትያን ከም ምዃና ነቲ ኣብ ገዛ ዝነብሩዎን ዝገብሩዎን፣ ብሓጎስን ኣቓልቦን መታን ክነብሩሉ ንምዕዳም ኢዩ።
- ወለዲ ደቆም ኣብ ገዛ ዝግበርን ዝበሃልን ኩሉ ከቕልቡሉ፣ ንደቆም ዝሓንጽን ብክርስቲያናዊ ጎድኒ ክስተብህሉሉ ንምሕጋዝ ኢዩ።
- ቆልዓ ኣብ ገዛኡን ኣብ ጎረባብቱን ምስ ዝርከቡ ብስኒትን ብፍቕርን ክካየድ ንምጉስጓስ ኢዩ።

*ኣገባብ*

- ምስ ስድራ'ቲ ቆልዓ ፍሉይ ሌላ ግበር።
- ነቲ ቆልዓ ዝያዳ ንኽትፈልጥ፣ እቲ ቆልዓ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይነብር? ወለዱ ኣለዉ'ዶ ወይስ ዘኽታም ኢዩ? ርክቡ ምስ ወለዱ ከመይ ኢዩ? ኣሕዋት ኣለዉዎዶ? ካብ ኣሕዋቱ መበል ክንደይ ኢዩ? ጥዕናኡ ከመይ ኢዩ? ናይ ወለዱ ሃይማኖታዊ

ድሕረ-ባይታኡ ከመይ ይመስል? ክልቲኦም ካቶሊካውያን ድዮም? ወለዶም ብዛዕባ እምነቶም መዕበያኦምን ተገዳስነቶምን ከመይ ይመስል? ወለዶም ቅዳሴን፣ ምስጢራትን ይሳተፉዶ? ኣብ ገዛኦም ጸሎት ይግበርዶ? ገዛኡ ካብ ቤተክርስቲያን ርሑቕዶ ወይስ ቀረባ? ወለዱ እንታይ ይሰርሑ? ብኸመይ ይናበሩ? ኣጸቢቕካ ፍለጥ።

- ካብ ገዛኦም ፈሊኻ ክርአ ዘይግብኦ ከኣ ጐረባብትን ደቂ ዓድን ኢዮም። ጎረባብቲ ብኹሉ መዳያት መነባብሮ ሕይወት ናይ ሓንቲ ስድራ ይጸልዉ ኢዮም። ስለዚ ነቲ ቆልዓ፣ ብርክብ፣ ብልምዲ፣ ብስነምግባር፣ ብሃይማኖት፣ ከመይ ከምዝጽሎ ዘሎ ዳህሳስ።
ኣብ ገዛኦም ዝካየድ ብክርስቲያናዊ ዓይኒ መታን ክጥምትዎ ምስ ቶም ቆልዑ ነዚ ዝስዕብ ንጥፈታት ኣዳሉ።

- ኣብ ገዛኦም ክንደይ ምኻኖም፣ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ኣብ ገዛኦም እንታይ ይግበር፣ ወለዶም እንታይ ከምዝገብሩ... ብዛዕባ ገዛኦም ንመማህርቶም ይንገሩ።
- ኣብ ስድራ-ቤት መኣስን ከመይን ጸሎት ከምዝገብሩ ከርእዩ ዓድምም።
- ኣብ ስድራ-ቤት እንተተኻርዮም ብኸመይ ይዕረቁ ብመልክዕ ድራማ ኣስርሓዮም።
- ኣብ ገዛኦም ስራሕ ከመይ ይከፋፈሉዎ ሕተቶም።
- ምስ ጎረባብቶም ብኸመይ ይነብሩ? ርክቦም ከመይ ኢዩ? ብኸመይ ይተሓጋገዙን ይመያየጡን።
- ኣብ ትምህርቲ ከኣ ዝርኤ ምትሕግጋዝን፣ ዝፍጠር ሓድሓደ ዕንቅፋታትን፣ ብኸመይ ይፍታሕን ብድራማ መልክዕ ክትገልጾ ይከኣል።

ወይ ከኣ ብሕቶን መልስን መልክዕ ሕተቶም፣ ንኣብነት፣-

- ኣብ ገዛኹም ክንደይ ኢኹም?
- ወለድኻ ኣብ ገዛ እንታይ ይገብሩልካ?
- መኣስ ጸሎት ትገብሩ? ኩልኹምዶ ትሳተፉ?

- ኣብ ገዛኹም ስራሕ ገዛ መን ይሰርሖ? ኩልኹም ዶ ትሳ ተፉ?...
ኣብ ናይ ቆልዑ መጽሓፍ ዘሎ ስእሊ ተጠቒምካ፣
- ናይ ገዛን ኣብኡ ዝግበር ንጥፈታትን መግለጺ ክወሃቦን ሕብሪ ክለኽዩዎ መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ይዕድሞም።
- ኣብቲ ስእሊ ናይ ኣባላት ስድራ ስኒት፣ ናይ ቆልዑ ቦታ ኣብ ስድራ፣ ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ነገራት፣ ከም ጸሎት፣ ምትሕግጋዝ፣ ተመኩሮ ምልውዋጥ፣ ናይ ጎረባብቲ ርክብ፣ ናይ መሓዙትን ደቂ ገዛውትን ርክብ ኣብቲ ስእሊ ብኸመይ ከምዘንጸባርቕ ግለጸሉ።

## 2. ምልክት መስቀል

*ዕላማ፣*
- ምልክት መስቀል ብዝግባእ ገቢሩ ምእንቲ ክኽእል ኣብ ኩሉ ጸሎታቱ ከኣ ከዘውትሮ።

*ኣገባብ*
- ምልክት መስቀል ሓደ ካብ'ቲ ዝዓበየን ዝሓጸረን ናብ ቅድስ ቲ ስላሴ ዝግበር ጸሎት ኢዩ። በዚ ጸሎትዚ ንርእስና ምዕታብ ምስ ቅድስቲ ስላሴ ዘሎና ኣባልነት ንገልጽ።

- ኣብ መጽሓፍ ዘሎ ስእሊ ተጠቒምካ ኣብ ግንባርና ብስም ኣ ብን ምባልና፣ እግዚኣብሔር ኣቦ ዋልታናን ሓይልናን ምኳኑ፣ ንገልጽ። ኣብ ኣፍ ልብና ወልድን ቢልና ነቲ ኣብ ከርሲ እግዝእትነ ማርያም ዝሓደረ ጎይታን ኢየሱስ ክርስቶስ ብልብና ከምንፈትዎ ንገልጽ። ኣብ ክልቲኡ መንኩብና መንፈስ ቅዱስን እናበልና ብምምልካት ብመንፈስ ቅዱሱ ክመልኣና ንምልማን ኢዩ። ከማኡ እውን እዚ ጸሎትዚ ክንገብር እንከሎና ምልክት መስቀል ከምንሰርሕ ኣረድኣዮም።

- ብህድኣትን ብምስትውዓልን ክደግምዎ ከኣ ምምሃሮም። መኣስ መኣስ ክደግምዎ ከምዘለዎም ምምሃሮም የድሊ።
- ዘፍርሕ ነገር ወይ ንሰይጣን ብምልክት መስቀል ከምእተባርሮ ምምሃሮም የድሊ።

## 3. መዓልቲ ጥምቀተይ

*ዕላማ*

- ዕለተ ጥምቀቶም ክፈልጡን ከኽብሩን።
- ጥምቀት እንታይ ከምዝገብረልና ክግንዘቡ።
- ብጥምቀት ኣባል ክርስቲያን ምዃኖም ክፈልጡን ክሕጎሱን።

*ኣገባብ*

- እቲ ቆልዓ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምስጢረ ጥምቀት ጥራሕ ኢዩ ተቐቢሉ ዘሎ ብዛዕባኡ ምስ ተጠመቀ እንታይ ለውጢ ኣብኡ ከምዝተፈጸመ ቅልል ብዝበለ ኣገባብ ምዝንታው ጽቡቕ ኢዩ።
- ዕለተ ጥምቀቶም ዘዘክር ስእሊ እንተለዎም ነንሓድሕዶም ከረኣኣዩ።
- ናይ ሓደ ቆልዓ ጥምቀት ብድራማ ምስራሕ ወይ ከኣ ኣብ ጥምቀት ከምዝሳተፉ ገቢርካ ኩሉ ምልክታትን ቃላትን ትርጉሙን ግለጸሎም።
- ኣደ ወይ ኣቦ ጥምቀቶም /ኣበልገኦም/ መን ምዃኑ ክፈልጡ፣ ሕተቶም። እዚ ዕድል'ዚ ተጠቒምካ ናይ ኣቦ ጥምቀቶምን እኖ ጥምቀቶምን ኣኼባ ጸዊዕካ ምልላይን ሓላፍነቶም ምዝኽኻር ጽቡቕ ይኸውን።
- ንዝኽሪ በዓል ጥምቀቶም ከኣ ንእሽቶ ናይ ሓጎስ መግለጺ ዝኽርን ምግባር ጽቡቕ ይኸውን።

## 4. ቁምስናና

*ዕላማ*

- እቲ ቆልዓ ንመጀመርያ ጊዜኡ ምስ ወለዱን ኣሕዋቱን ናብ ቤተ-ክርስቲያን ክኸይድ ይጅምር ስለ ዘሎ እቲ ኣብ ቤተ-ክርስ ቲያንን ኣብኡ ዘሎ ንጥፈታትን ክርእን ክዕዘብን፣ ክፈልጥን፣ በብቑሩብ ከኣ ኣምልኾ ክለማመድን።

*ኣገባብ*

- መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ከኣ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ነገራት ነቲ ኣባኡ ዝግበር ናይ ኣምልኾ ስራሓትን በብቑሩብ ክገልጸሉ ይጀምር።
- ብመልክዕ ሕቶ እንታይ ከምዘሎ ክሓቶም ይኽእል።
- ብጉጅለ ወሲዱ ከኣ ከርእዮም ይኽእል።

ንኣብነት፡- ቦታ ማይ ፀሎት፡ ኮፍ መበሊ መንበርከኺ፡ መን በረ-ታቦት፡ መናብቦ ቃል ኣምላኽ፡ መናዝዞ፡ ጥምቀት ዝወሃበሉ ቦታ፡ ኣሎ እንተኾይኑ፡ ኣሳእል ፍኖተመስቀል እናዞረ ከርእዮም ይኽእል። ከማኡ'ውን ንዋየ ቅዱሳት ከም ቅዱስ መጽሓፍ፡ ኣ ላብስ፡ መሳቕል....ኣኽብሮትን ስነ-ስርዓትን፡ ጸጥታን፡ ጽሬትን፡ ኩሉ ዝፍጸም ኣገባባት ጸሎትን ብተግባር ይፍለጦ።

## 5. ቤት ትምህርተይ

*ዕላማ*

- ቆልዓ ትምህርቲ ብምጅማሩ ናብ ግፍሕ ዝበለ ርክብ ወጺኡ ስለ ዘሎ ጽቡቕ ርክባት ክለማመድን ከጥርን ንምሕጋዝ ኢዩ።

- መምህራኑ ከም ወለዱ ክርእዮም፡ ቤት ትምህርቲ ከም ገዛኡ ክርእያ፡ ዝመኸርዎ ኩሉ ከኣ ብኣኽብሮት ክመሃር ንምሕጋዙ።

- ኣብ ቤት ትምህርቱ ዘሎ ንብረት ከም ናቱ ወሲዱ ክግደሰሉን ክጥንቀቐሉን ዝወደቐ እውን እንተረኸበ ከጣይቐሉ፡ ንመምህራኑ ከረክቦም ከምዘለዎ ክመሃር።

- ኣብ መንጎ ቆልዑ ዝንጸባረቕ ናይ ባእሲ፡ ምጽራፍ፡ ምት-ሕምማይ፡ መሓዛይ መሓዛኻ፡ ደቂ ገዛውተይ፡ ዘመደይ፡ ወዲ ዓደይ ክርሕቕ፡

- ብመልክዕ ሕቶን መልስን ከምቲ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ዘዘንትዎ ክዝክርዎ ምሕታቶምን ከምዝወዳደሩ ምግባርን ጽቡቕ ይኸውን።

- ሰብ፣ እንስሳ፣ ኣትክልቲ....ኣብ ዓለም ዘለዉ ነገራት ካብቶም ብቐረባ ዕለት ዕለት ዝርእዩዎምን ዝትንከፍዎምን ኣብ ትዕዝብቶም ዘለዉን ነገራትን መን ገቢርዎም እናበልካ ብምሕታት ካብ ግሁድ ናብቲ ስዉር ክበጽሑ ንምሕጋዝ።

- እታ ብሓጺር ብሕቶን መልስን ኣብ መጽሓፎም ተጻሒፉ ዘላ መን ፈጠረና? ንምንታይ? ዝብላ ብርእሶም ከምዘጽንዕወን ይግበር።
- ከማኡ'ውን እዛ ንፍጥረት ትምልከት ኣብ መጽሓፎም ዘላ ሓጻር ግጥሚ የጽንዑዋ።
- መዝሙር "ንኣምላኽ ዘምሩ" ክምህሮም ጽቡቕ ይኸውን።

## 7. ኖህ

*ዕላማ*

- ከም ኖህ ቅኑዓትን ንኣምላኽ ዝእዘዙን ክኾኑ ምሃር።
- ኣምላኽ ንዝፈትዎ ከምዝግስጾን ከምዝእርሞን፣ ንኖህ ሕያዋይ ስለዝኾነ ኪዳን ከምዝኣተወሉን ተገንዚቦም ናብ ኣምላኽ ብፍቕርን ኣኽብሮትን ክቐርቡ።

*ኣገባብ*

- ታሪኽ ናይ ኖህ ምትራኽ።
- ኣውራ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ከምዝሓድሮም ደኣ እምበር ኣምላኽ ሕሱምን ተበቃልን ከይመስሎም ኣብ ኣቀራርባ ምጥንቃቕ። ኣምላኽ ከም ዝፈትወና ግን ከኣ፣ ክንጋገ ከሎና ከም ዝእርመና ገቢሮም ክርድእዎ ጽቡቕ ምዃኑ ናይ ወለዶም ፍቕራዊ መግናሕቲ ኣብነታት ብምሃብ።

- ግጥሚ ናይ ኖህ ክመሃሩዋ ጽቡቅ ኢዩ።

## 8. ኣብርሃም

*ዕላማ*

- ኣብርሃም ዓርኪ እግዚኣብሔር ምዃኑ ክግንዘቡ።
- ከምቲ ኣብርሃም ዝፈትዎ ወዱ'ውን ከይተረፈ ከይበቐቐ ክስውእ ዝተቐረበ ከምኡ እውን ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ኩሉ ክን ህብ ድልዋት ክንከውን ለጋስ መንፈስ ክሓድሮም ምምሃር።
- ፈሪሃ እግዚኣብሔር ክመሃሩ።

*ኣገባብ*

- ናይ ኣስማቶም ትርጉም ምሕታቶም
- ናይ ኣብርሃም ታሪኽ ምትራኽ። ብተባላሓትነት ተግባራዊ ንጥፈታትን ብምድላው ታሪኽ ኣብርሃም ከምዝፈልጡ ይገብሮም።
- ዘለዎም ይህቡዶ? ለጋሳት ድዮም? ዘለዎም ህያባት ኩሉ ዝተዋህቦም ምዃኑ ብጊዴኦም ከኣ ምሃብ ከምዝግብኦም ዝሕግዝ ሕቶታት ይሕተቶም።
- ካብቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ህያባት ክህቡ ዃኸተረድኦም ከኣ ገለ ንጥፈታት ኣበግስ።

## 9. ሙሴ ንሕዝቢ ብባሕሪ ከምዘሳገሮ

*ዕላማ*

- ታሪኽ ሙሴ ክፈልጡ።
- ብጸሎትን ብሓይሊ ኣምላኽን ብዙሕ ጸገም ከምዝስዓር ክመሃሩ።
- ጸሎት ምግባር ክመሃሩ።

*ኣገባብ*

- ታሪኽ ሙሴ ይገለጸሎም ነቲ ኣብ መጽሓፎም ተሳኢሉ ዘሎ ስእሊ ከኣ ሕብሪ ይለኽይዎ።
- ካብቶም ባሕሪ ዝተሳገሩ እንተዝኾኑ እንታይ ቢሎም ምጸለዩ ከኣ በብሓደ ይንገሩ።

- ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ንሕይወት ተረኺቦም ብመልኽዕ ጸሎት ክገልጽዎ ሓግዞም። ንኣብነት ኣዲኦም ወይ ኣቦኦም ዘይተጸበይዎ ጫማ እንተዝገዝኡሎም ንኣምላኽ እንታይ ምበልዎ?
- መዝሙር "ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር" ክመሃሩ ጽቡቕ ይኸውን።

## 10. መልኣኽ እግዚኣብሔር ንእግዚእትነ ማርያም ኣበሰራ

*ዕላማ*

- መባእታዊ ታሪኽ ናይ ድሕነትና ክፈልጡ።
- ማርያም ንኣምላኽ ሕራይ ምባላ፥ ክፈትውዋን ከኽብርዋን።
- ጸሎት ሰላም ነዓኺ ካበይ ከምዝመጸ ከተሓሕዝዎ።

*ኣገባብ*

- ሓጺር ድራማ ብስራት ገብርኤል መልኣኽ ክሰርሑ ይኽእሉ።
- ጸሎት ሰላም ነዓኺ የጽንዕዋ።
- መዝሙር "ከም ሰላምታ" ወይ ዝመስሎ ይመሃሩ።

## 11. ልደት ኢየሱስ

*ዕላማ*

- ታሪኽ ልደት ይፈልጡ።
-ኢየሱስ ከምኣታቶም ሕጻን ምዃኑ ምስኡ ፍሉይ ርክብ ክህልዎም።
- ትርጉም በዓል ልደት ተገንዚቦም ይሳተፉ።

*ኣገባብ*

- ታሪኽ ልደት ይንገሮም ብድራማ መልክዕ ከኣ የድግሞም።
- መዝሙር ልደት ይመሃሩ
- ግጥሚ ልደት'ውን ይመሃሩ።
- በዓቲ ቤተ-ልሔም (ጎል) ኣብ ገዛኦም ምስራሕ ይሳተፉ።

## 12. ሰብ ጥበብ ንኢየሱስ ሰጊዶም ህያባቶም ከምዘቅረቡሉ

*ዕላማ*

- ታሪኽ ሰብ ጥበብ ይፈልጡ።
- መንፈስ ስግደትን ኣኽብሮትን ናብ ኢየሱስ ምቕራብን ይመሃሩ።
- መባእ ምውፋይ ይለማመዱ።

*ኣገባብ*

- ታሪኽ ይንገሮም።
- ኣብ መጽሓፎም ሰብ ጥበብ መባእ ከምዘወፈዩ፡ ንሕናኸ ንኢየሱስ እንታይ ህያብ ክነቕርበሉ ኢና? ዝብል ሕቶ መበገሲ ገቢርካ ጭቡጥ ተግባር ናይ መባእ ምውፋይን፡ ገጸበረኸት ምሃብን፡ ንብጻይካ ካብቲ ዘሎካ ናይ ምምቃል ልምድን ከምዘጥርዩ ክግበር ይከኣል።
- ናይ መባእ ምውፋይ ናይ ጸሎት ግዜ ከኣ ይዳሎ፡ ከከም ዓቕሞም ወፈያ የካይዱ። ግዙፍ ነገራት ጥራይ ዘይኮነስ ናእሽቱ ነገራት ወላውን ንዝፈርሐ ቆልዓ ምስናይ፡ ንዝበኸየ ቆልዓ ምእባድ ክኸውን ይኽእል።
- ኩሉ ምእንቲ ክብሪ ኢየሱስ ኢሎም ክገብርዎ ከኣ ይዕ ደሙ።

## 13. ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ

*ዕላማ*

- ኢየሱስ ሓደ ከምኣታቶም ኮይኑ ክስምዖም።
- ብተኣዝዞኦምን ኣኽብሮቶምን ኣብነት ኢየሱስ ክስዕቡ።

*ኣገባብ*

- ጊዜ ንእስነት ኢየሱስ ምትራኽ።
- ምስ ወለዶም ዘለዎም ፍቕርን ኣኽብሮትን ምእዙዝነትን ብኸመይ ከምዝገልጽዎ ምዝርራብ።

- ቆልዓ ዓቢይ ክኸውን ስለዝደሊ ምስ ዓበኻ ንወለድኻ እንታይ ክትገብረሎም ኢኻ? ብዝብል ሕቶ ፍቕርን ሓልዮትን ወለዲ ከዕቢ ምጕስጓስ።

## 14. ኢየሱስን ሕጻናትን

*ዕላማ*

- ኢየሱስ ካብ ኩሉ ዝያዳ ከምዝፍቅሮም ክፈልጡ።
- ኢየሱስ ንቆልዑ ዓቢ ግምት ከምዝህቦም ፈሊጦም ንኢየሱስ ከፍቅሩ።
- ገዝኦም ቤት ኣምላኽ ኮይኑ ከምዝስምዖም ምግባር።

*ኣገባብ*
- ኢየሱስ ሕጻናት ከምዝፈቱ ሓንቲ ሓጻር ግጥሚ ምምሃሮም።
- ኢየሱስን ንሕናን ቢሎም ገለ ጸወታ ክጻወቱ

## 15. ኢየሱስ እንጌራ ከምዘበርከተ

*ዕላማ*
- ታሪኽ እንጌራ ምብርካት ይፈልጡ።
- ኢየሱስ ንዕለታዊ ኣድላይነትና ከም መግቢ ማይ እናሓለየ ይከናኸና ምዃኑ ኣብ ሓልዮት ኣምላኽ ክኣምኑ።
- በቲ ወለዶም ንመግቦምን ንኽዳኖምን ዝሓልዩሎም ሓልዮት ከመስግኑ።

*ኣገባብ*
- እቲ ተዋሂቡ ዘሎ ጥቕሲ ብውዕዉዕ ኣገባብ ምዝንታው።
- ወለዶም ንዓታቶም መግቢ ክረኽቡ ዝሰርሕዎ ስራሕን ጻዕርን ብምዝካር ሓጺር ናይ ምስጋና ጸሎት ጊዜ ምስራዕ። እዚ ከኣ ብድራማ ወይ ብጸሎት ዝተሰነየ ክኸውን ይኽእል።
- ኣብዚ ዕድመ'ዚ ብዛዕባ ቅ.ቍርባን ክትነግሮም ቢልካ ብዙሕ ዘይምሽጋር ከመይ ኣብቲ ካልኣይ ደረጃ ክመሃርዎ ኢዮም። ኢየሱስ ንግዙፍ ኣድላይነትና ከምዘይርስዕ ፈሊጦም ክልምንዎ።

## 16. ኢየሱስ ማዕበል ከምዘህድአ

*ዕላማ*

- ታሪኽ ምህዳእ ማዕበል ንምፍላጥ።
- ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ከምዝሕልወና፣ ከምዘይገድፈና ናይ እምነት ስምዒት ከሕድሩ።

*ኣገባብ*

- ኢየሱስ ማዕበል ከምዘህድኤ ብቓላቶም ምትራኽ።
- ዝኾነ ዘፍርሖም ነገራት ሓቲትካ ኣምላኽ ከምዘይፍለዮም ምሃሮም።

## 17. ኢየሱስ ንዕዉር ከምዘሕወየ

*ዕላማ*
- ኣምላኽ ብእምነት ዝለመንናዮ ከምዝሰምዓና ፈሊጦም ብእምነት ናብ ኣምላኽ ክቐርቡ።
- ኢየሱስ ፈዋሲ ምዃኑ ብምፍላጥ ብጸሎት ኣድላይነቶም ምግላጽ ክመሃሩ።

*ኣገባብ*

- ሕሙም ወይ ዝኾነ ዓይነት ዕዉር ርእዮም ዝፈልጡ እን ተኾይኖም ይሕተቶም። ንዕዉር ዝመርሑ ሰባት ይፈልጡ እን ተኾይኖም ይሕተቱ።

- ናይቲ ዝሓወየ ዕውር ሓንቲ ሓጻር ድራማ ይሰርሑ።
- ዓይኖም፣ ካልእ ኣካላቶም ጥዑይ ምዃኑ ንኣምላኽ ከመስግኑ ናይ ጸሎት ጊዜ መድብ።
- መዝሙር “ወዲ ዳዊት መሓረኒ” ይመሃሩ።

## 18. ኢየሱስ ንሓዋርያት ጸሎት ምሂርዎም

*ዕላማ*

- ኢየሱስ ንሓዋርያት ዘምሃሮም ጸሎት ፈሊጦም ብርእሶም ከጽንዕዎ።
- ኣብ ሰማይ ኣቦ ከምዘሎናን፡ ኻኹሉ ኣድላይነትና ከምዝሓልየልናን፡ ካብ ክፉእ ከምዝሕልወናን፡ ከምዝፈልጡ ምምሃሮም።

*ኣገባብ*

- ንጸሎት ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ኣብ መጽሓፎም ከምዘሎ ኣካላቶም ብምንቅስቓስ ከምዝመሃርዋ ምግባር።

- ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብርን በቲ ሓደ ጸሎት በቲ ሓደ ከኣ መሪሕ ክርስትያናዊ ስነ-ምግባር ምዃና ግለጸሎም።

## 19. ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ሰዲዱልና

*ዕላማ*

- ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ከምዝሰደደልና፡ ንሕና ኩልና ዝተጠመቕና ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ ከምዝተቐባእና ክፈልጥ።
- ኣብ ልቡ ሕሹኽ ንዝብሎ መንፈስ ቅዱስ ጽን ንምባልን፡ ጽቡቕ ንምግባር፡ ኻክፉእ ምሕዳግን ክኽእል።
- ናብ መንፈስ ቅዱስ ምጽላይ ክመሃር።

*ኣገባብ*

- ኢየሱስ ምስ ሞተ ሓዋርያት ተኪዞም ምንባሮምን፡ ኣሕጺርካ ግለጸሎም።
- ናይ ጥምቀት ስርዓት ብመልክዕ ተዋስኦ ኣሰናዲኻ ኣተግብሮ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዕለተ ጥምቀቶም ከምዝተቐበሉ ንገሮም።
- ብሓባር ናብ መንፈስ ቅዱስ ጸሎት ኣግብሮም።

## 20. ሓላዊና መልኣኽ

*ዕላማ*

- ሓላዊና መልኣኽ ከምዘሎና ክፈልጡ።
- ብሓለዋ ሓላዊኦም መልኣኽ ክተኣማመኑ።

*ኣገባብ*

- ግሓ. 12, 1-9 ብቐሊል ብቓልካ ግለጸሎም
- ጸሎት ናብ ሓላዊ መልኣኽ ከምዘጽንዕዎ ምግባር።

## 21. ዕለታዊ ጸሎታት

*ዕላማ*

- ምጽላይ ክመሃር።
- እተን ምስ ዕድሜኡ ዝኸዳ መሰረታውያን ጸሎታት ክጽንዕ።

*ኣገባብ*

- ኣብ መደምደምታ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ እተን ምስ ዕድሜኡ ዝሰማማዓ መሰረታውያን ጸሎታት ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ሰላም ንዓኺ ስብሓት ብርእሱ የጽንዓዮ።

- ክትንስእን፡ ክድቅስን፡ ኣብ መኣዲን ቅድሚ ትምህርተ-ክርስቶስን ድሕሪ ትምህርትን ክደግመን ከኣ ምትብባዕ።

# ጥብቆ

## መሰል ቆልዓ

ብኣፍሪቃ ደረጃ ኣብ ርእሲ'ቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብዛዕባ መሰል ቆልዓ ዘመሓላለፍዎ ኣዋጅ።

☞ ቆልዓ ዝበሃል ካብ 18 ዓመታት ንታሕቲ ኮይኑ መሰልን ግዴታን ዘለዎ ሰብ ኢዩ።

☞ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ድሕሪ ልደቱ ስሙ ዝምዝገበሉ ኣ ባልነቱ ዘረጋግጸላን ብዜግነቱ ኣባል ዝኾነላ ሃገር ክትህልዎ መሰሉ ኢዩ።

☞ ኩሎም ቆልዑ ሓደ መሰል ኣለዎም። ኣብ ልዕሊኦም ብዓሌት፡ ብሃይማኖት፡ ብሕብሪ፡ ብጾታ፡ ብስንክልና፡ ብቛንቛ ይኹን ብጉጅለ ዓሌት ዝመጽእ ኣድልዎ ወይ ፍልልይ ክህሉ ኣይግባእን።

☞ ወለድና ክከናኸኑና ግቡኦም ኢዩ። ካብ ዝኾነ ይኹን ተጻብኦ ክሕልዉና ይግብኦም። ገሊኦም ቆልዑ ወለዲ የብሎምን። ንሳቶም እውን ክንክን ክረኽቡ መሰሎም ኢዩ።

☞ ንቆልዑ ጽቡቕ ስነ-ምግባር ምምሃር ግዴታ ናይ ወለዲ ኢዩ። ቆልዑ እንተደኣ ተጋጊዮም ወለዲ ከረድእዎምን ኣከያይዳኦም ከመሓይሹ ክምህርዎምን ሓላፍነቶም ኢዩ። ወለዲ ንደቆም ብኣወንታዊ ኣገባብ ኣከያይዳኦም ክእርሙ፡ ክምህሩ፡ ክሕግዙ ይግብኦም። መምህራን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ቆልዑ ብስነ ስርዓት ክኸዱ ክሕግዙዎም ግቡእ ኢዩ። ቆ ልዑ ንምእራም ዝጥቀሙሉ ኣገባብ ቅኑዕ መንገዲ ክኸውን ኣለዎ። ወለዲ ይኹን መምህራን፡ ቆልዑ ብስነ ስርዓት ክዓብዩሎም ክእርምዎም ኣንከለዉ ዝኾነ መጉዳእቲ ወይ መቑሰልቲ ከየኸትሉሎም ክጥንቀቑ ይግባእ።

☞ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ናይ ጥዕና መሰል ኣለዎ። ኻብ ዝኾነ ይኹን ሕማም ዘውሕስ፡ ኣብ ጽሩይ ገዛ ክነብር፡ ጥዑይ መግቢ ክምገብ፡ ጽሩይ ማይ ክሰቲ፡ መሰሉ ኢዩ። ጥዑያት ቆልዑ፡ ብሓጎስ ምስ መሓዙቶም ይጻወቱን የዕርፉን። ወለድና ክከናኸኑና ይግብኦም። መንግስትና ከኣ ንኣገልግሎት ጥዕናና ክግደሰልና ኣለዎ።

☞ ካብ ዝኾነ ይኹን ሓሸሽን ኅዳኢ ነገራትን፡ ከም ኣልኮል ሽጋራ ክንሕሎ ይግበኣና።ሓሸሽን ኣልኮልን ኣብ መዕበያናን ትም-ህርትናን ከዐንቅፈና ይኽእል። ንመጻኢና ከኣ ከባላሹ ይኽእል።

☞ ቆልዑ ኩልና ናይ ትምህርቲ መሰል ኣሎና። እቲ ዝበለጸ ቦታ መዕበያና፡ ቤት ትምህርትና፡ ገዛናን ንነብረሉ ከባቢን ኢዩ። ምስ መሓዙትና ክንጻወት እንከሎና፡ ከኣ ንመሃር ኢና። ንወለድና ኣብ ገለ ናይ ገዛ ስራሕ ክንሕግዝ እንከሎና ከኣ ን መሃር። መንግስቲ ዝኣክል ናይ ትምህርቲ ዕድል ከምእንረክብ ኪግደስ ይግባእ።

☞ ናይ ምሕሳብን፡ ሓሳብና ናይ ምግላጽ መሰል ኣሎና። ወለድን መምህራንን፡ ክንሓስብ፡ ሓሳብና ከኣ ክንገልጽ ከምህሩና ይግብኦም። ምስ ከባቢና ዘለዉ ቆልዑ ይኹን ምስ መማህርትና ክንተሓዋወስ መሰልና ኢዩ። ብምትሕውዋስን ብምዝርራብን ንሓድሕድ ብምስምማዕን ሓድሕዳዊ ምክብባር ንመሃር፡ ንርእስና ውን ንኸብር።

☞ ካብ ወለድናን ቤተሰብናን ክንፍለ ኣይግባእን ኢዩ። ካብ ወለዶም ዝተፈልዩ ቆልዑ ከም ኩሎም ቆልዑ ግዴታትን መሰላትን ኣለዎም። ምስ ስድራኦም ክተኣኻከቡ ክሕገዙ ኣለዎም። እዚ እንተዘይተኻኢሉ ምስ ካልእ ስድራ ክሓብሩን፡ ክሕገዙን ኣለዎም።

☞ ዓበይቲ ጥራሕ ክሰርሕዎ ዝግብኦም ካብ ዓቅምና ንላዕሊ ክንሰርሕ ኣይግበኣናን ኢዩ። ኣካላዊ ዕቤትናን ጥዕናናን ትም-ህርትናን ዘመዛብል ስራሕ ክንሰርሕ ኣይግበኣናን ኢዩ።

☞ሃገሮም ገዲፎም ዝስደዱ ቆልዑ ሓገዝን ሓለዋን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከኣ ክኽብሮም ይግባእ። ካብ ስድራኦም ዝተፈላለዩ ወይ ዝተሰደዱ ቆልዑ፡ ምስ ቤተሰቦም ብዝቐልጠፈ ምእንቲ ክተኣኻኸቡ ክሕገዙ ኣለዎም።

☞ ንሕና ቆልዑ ኣብ ውግእ ክንሳተፍ ክግበር የብሉን። ካብ ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ናይ ውግእ ከኣ ክንሕሎ ይግበኣና። ብሳዕ ቤናት ውግእ ዝተሃሰዩ ቆልዑ፡ ንዘስዓበሎም ጸገማት ክስዕሩ ክሕገዙ ኣለዎም።

☞ ኣብ ሕብረተሰብ ካብ ዝዝውተሩ ንመዕበያናን ንትምህርትናን ዘሰናኽሉ ሕማቕ ልምድታት ክንሕሎ መሰል ኣሎና። ንኣብነት ካብ ናይ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ክንሕሎ ይግባእ።

☞ ካብቶም ብያታዊ፡ ወይ ከኣ ካብ ካልኦት ባህልታት ዝተወርሱ፡ ንኣካላውን ኣእምሮኣውን፡ ጥዕናኣውን ስነ መዕበያውን ጎድንታትና ክጎድኡ ዝኽእሉ ባህልታት ክንሕሎ ይግበኣና። ንኣ ብነት ምኽንሻብ፡ መሰልና ዝግህስ ዘይቅቡል ባህላዊ ተግባር ኢዩ።

☞ ብምትላል ወይ ብምግዳድ ጾታዊ ርክብ ክንፍጽም ክንደፋፋእ ኣይግበኣናን። ኣብ ጾታዊ ስራሕ ክዋፈሩ ንቀልዑት ምትላል ወይ ምዕማጽ ኣንጻር ሕጊ ቆልዑት ኢዩ።

☞ ከይንህረምን ከይንዕመጽን መሰልና ኢዩ።

☞ ብሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤይድስ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሕማም ወለዶም ዝመቱዎም ቆልዑ ከም ኩሎም ቆልዑ መሰላት ኣለዎም። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ኩሎም ቆልዑ ብኣኽብሮት ክሕግዞም ኣለዎ።

☞ ዝሰንከሉ ቆልዑ ከም ኩሎም ቆልዑ መሰልን ግዴታን ኣ ለዎም። ነፍሲ ወከፍ ኣኽብሮትን ክንክንን ክረክብ ይግብኦ። ከም ኩሎም ቆልዑ ብሓጎስ ክነብሩ ክሕገዙ ኣለዎም።

☞ በደል ፈጺሞም ዝኽሰሱ ቆልዑ ግቡእ ኣተሓሕዛ ክግበረሎም ይግባእ። ብዛዕባ መሰል ቆልዑ  ዝፈልጥ ጠበቓ ክውከለሎም ከኣ ይግባእ። ንቆልዑት ዝጣበቕ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክህሉ ይግባእ። ኣብዚ ፍርዳ'ዚ ከኣ፡ ቆልዑ፡ ብስነ-ስርዓትን ብኣኽብሮትን ክተሓዙ ይግባእ። ቆልዓ እንተደኣ ተኣሲሩ ክህረም፡ ኣብ ልዕሌኡ ዓመጽ ክፍጸምን ብሕማቕ ክተሓዝን የብሉን። ቆልዑ ምስ ዓበይቲ ክእሰሩ ኣይግባእን።

☞ ንስድራይን፡ ንማሕበረ-ሰበይን ንሃገረይን ብዓቕመይ ከገልግል መሰልን ግዴታን ኣሎኒ። ንወለደይን ንቤተሰበይን ኇኻልኦት ዓበይትን ናእሽቱን ከኽብር ይግበኣኒ። ሓገዝ ኣብ ዘድልዮም ጊዜ ክሕግዞም ግቡአይ ኢዩ። ንሃገረይ ብዝከኣለኒ ብጽቡቕ ከገልግላ ግቡአይ ኢዩ። ኣፍሪቃዊ ባህለይ ከኽብርን ክዕቅብን፡ ጽቡቕ

ባህላዊ ትምህርትታት ክቐስምን፣ ዝሓሸ ማሕበረሰብ ክሓንጽን ግቡኣይ ኢዩ።

መበል 26 ጉባኤ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ
ግንቦት 2002
ኣዲስ ኣበባ

# ግጥምታት

## 1 ገዛና

1. ገዛና እታ ዝዓበናላ
ኣቦ ዓንዲ ማእከላ
ኣደ ብርሃን ቀንዴላ
ሕጻና ሓዚላ።

2. ክቡር ወላዲ
መግብና የናዲ
ይቕረብ መኣዲ
በስመኣብ ወወልድ።

3. ገዛና ዑቕባና
ኣደና ኣቦና
ወድና ጓልና
ጥዑም ዕላልና።

4. ንሰርሕ ነፍሪ
ብስኒት ብፍቕሪ
ብልዙብ ባህሪ
ነመስግን ፈጣሪ።

5. ቅድስቲ ገዛ
ቍምነገር ምስ ዋዛ
ጣዕመ ላዛ
ቍራስ ሃንዛ።

6. ንዋዘ ንጨርቕ
ሓቢርና ንስሕቕ
ንብኣስ ንሓርቕ
ቀልጢፍና ዕርቕ።

## 2 ትእምርተ መስቀል

1. በሰመኣብ ንበል
ብትእምርተ መስቀል
ንክርስቶስ ንከተል
ንመራሕ ብወንጌል።

2. ንስራሕ ሰላጤት
ንሓንጎል ፍልጠት
ንጉያኻ ዓወት
ንሃብትኻ በረኸት።

3. ንሓይል ንበርትዕ
ንስጋና ክንረትዕ
ክንሰቲ ክንበልዕ
በሰመኣብ ኣይንረስዕ።

4. ትምህርቲ ጸወታ
ኣብ ዝኾነ ኮታ
ሰማይ ባይታ
ነመስግን ጐይታ።

5. መገዲ ነዊሕ
ስራሕ ብዙሕ
ዝስከፍ ዝፈርሕ
ኣብኣ ይጸንሕ።

## 3 መዓልቲ ጥምቀተይ

1. መዓልቲ ጥምቀተይ
   ሓዳስ ሂወተይ
   ኢየሱስ ናተይ
   መንፈሱ ሃብተይ።

2. ካልኣይ ተወሊደ
   መሰለይ ወሲደ
   ንሰይጣን ኪሒደ
   ረኺበ'የ ጊደ።

3. ክንደይ ተዓዲለ
   ጸጋታት ተቐቢለ
   ሰዊደ ደልዲለ
   ብሓይሉ ሓይለ።

4. ንሰይጣን ኪሒደዮ
   ንኢየሱስ ረኺበዮ
   ይኣምነካ ኢለዮ
   ጸጋኡ ለቢሰዮ።

3. ሓቀኛ መሃሪት
   ደቃ መፍቀሪት
   ንዓበይቲ ጠዋሪት
   ቍርባን ጸዋሪት።

4. ቤት መቕደሲ
   ናይ ኩሉ ነፍሲ
   ካህን ፈላሲ
   ገባራይ ነጋሲ።

5. ዘለዋ ግርማ
   ምዑዝ ጣዕማ
   ንጸውዕ ሰማ
   ንዑ ንሳለማ።

6. ሓንቲ ማሕበር
   ናይ እግዚኣብሔር
   በዓልቲ ቍምነገር
   ዘይብላ ኣበር።

## 4 ቤተ ክርስቲያነይ

1. እዛ መቕደሰይ
   መንፈስ ቅዱሰይ
   መድሓኒት ነፍሰይ
   ሓዳስ መንፈሰይ።

2. ቆሞስ ካህንና
   ኣብ ቍምስና
   ኣቦ ነፍስና
   ጓሳ ነፍሳትና።

## 5. ቤት ትምህርተይ

1. ቤት ትምህርተይ
   ገዛ'ያ ቤተይ
   መኣዲ ፍልጠተይ
   መራሒት ሕይወተይ።
2. ዓበይቲ ኣለይተይ
   ናእሽቱ ብጾተይ
   ናትካ ናተይ
   ጥራዘይ ናውተይ።

3. ኣሕዋት ኣሓት
ምሽት ጊሓት
ምሉእ ወርሓት
ኣለና ሪሓት።

4. ኣደ'ያ ሓዛሊት
ደቀይ በሃሊት
ንኹሉ ከኣሊት
ብጥበብ ሰሓሊት።

5. ይመሃር ብልቢ
ብዘይ እምቢ
ከም ትጉህ ንህቢ
መዓር ወሃቢ።

6. ሃብቲ ብሓቂ
ብሉጽ ወርቂ
ተኣምር ድንቂ
ዘይጉድል ስንቂ።

3. ኵሉ ፈጠረ
መሬት ንፍረ
ብሱል ጥረ
ሰናይ ገበረ።

4. ብኢድ ፈጣሪ
ፍረ ምድሪ
ዓሳ ባሕሪ
ዑፍ ነፋሪ።

5. ዓለም ብምልእታ
ምድሪ ምስ ነበርታ
ባሕሪ ዓሳታታ
ብሓደ ጐይታ።

6. ንሱ ዝፈጠሮ
ብቓሉ ዝነገሮ
ብኢዱ ዝገበሮ
መን ይኽእሎ?

## 6 እግዚኣብሔር ፈጣሪ ኩሉ

1 ንሰብ ብኣምሳሉ
ዝፈጠረ ንኹሉ
ንሱ ልዕሊ ኩሉ
ይመስገን ብኹሉ።

2. መሬትና ቅድስቲ
ፀሓይ ብመዓልቲ
ወርሒ ብለይቲ
ሐለውትና መላእኽቲ።

## 7. ኖህ

1. ኖህ ገርሂ
ኣቦ ከድሂ
ዕጹብ ጓሂ
ብማይ ኣይሂ።

2. ሰብ ንኣምላኽ ኣሕሪቕዎ
ምስማዕ ኣብዩዎ
ከጥፍኦ መዲብዎ
ንኖህ ኣድሒኑዎ።

3. መርከቡ ሰርሐ
ኣብኣ ጸንሐ
ንኹሉ መርሐ
ኣብ ሰላም በጽሐ።

4. መርከቡ መኣዲ
ጽንዕቲ ንእዲ
ብልዑል ፈራዲ
ሐደ መንገዲ
ደሓኑ በብጽምዲ።

5. ርግቢት ተመልሰት
ሰላም ኣበሰረት
ኣኽናፋ ዘርግሐት
ለይቲ ወግሐት።

6. ክበርህ'ቲ ጸላም
ኩን ደኣ ለባም
ኣይትኹን ጠላም
ክኸውን ሰላም።

## 8. ኣብርሃም

1. ኣብርሃም ተባረኸ
ብእምነት በረኸ
ህዝቡ በዝሐ
ከም ሑጻ ሰፍሐ

2. ከብዝሓካ'የ በሎ
ሕራይሉ ተቐበሎ
ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ
ብዘይ ውሉድ ከሎ

3. ኣብርሃም ተመርጸ
ንዕኡ ዝበለጸ
ክስውኣሉ ቀበጸ
በጊዕ ከኣ መጸ።

4. ሕጉስ እምነቱ
ምስ ሳራ ሰበይቱ
ክሳዕ ግዜ ሞቱ
ጸንዐ ኣብ ስደቱ

## 9. ሙሴ ንእስራኤላውያን

1. እስራኤል ተሰደዱ
ብፈርያን ተዋረዱ
ተቐትሉ ዘዝተወልዱ
ሙሴ ግን ባሕሪ ወሪዱ።

2. ሙሴ ተኣልዩ
ምስ ንጉሥ ዓብዩ
ንህዝቡ ሓልዩ
ዓሌቱ ናብዩ።

3. ንኣምላኽ ተላኢኹዎ
ናብ ፈርያን ሰዲድዎ
ንሙሴ እምቢ ኢሉዎ
ኣምላኽ ከኣ ቀጺዕዎ።

4. ብባሕሪ ኤርትራ
ወጹ ሓራ
ፈርያን ብኹምራ
ረኻብ መከራ።

## 10. ብስራት ገብርኤል ንእግዝእትነ ማርያም

1. ምልእተ ፀጋ ኢኺ
   ሰላምታ ንዓኺ
   ወዲ ክትወልዲ ኢኺ
   ሓይሊ ልዑል ምሳኺ
   ቅዱስ'ዩ ዝውለድ ካባኺ።

2. ሰብኣይ ዘይብለይ
   ከመይሉ ይኾነለይ
   ካብ ኮነ ጽላለይ
   ዝበልካኒ ይኹነለይ።

3. ማርያም ምርጽቲ
   ተወልደት ንጽሕቲ
   ኻኹሉ እዝዝቲ
   ኣገልጋሊት ትሕትቲ።

4. ገብርኤል ኣበሰረ
   ተቐበለት ዝኸበረ
   ኣብ ከርሳ ሓደረ
   ሰብ ኮነ እቲ ዝፈጠረ።

## 11. ልደት ጐ.ኢ.ክ.

1. መብልዕ ማል ተወልደ
   ሰብ ምኽኑ ተጋህደ
   ብቚሪ ከንደደ
   እስትንፋስ እንስሳ ተኣንገደ።

2. ብስራት ሰላም
   በርህ ጸላም
   ፍርቂ ለይቲ
   ተወልደ ኣብ በዓቲ።

3. ሰብኣ ሰገል ነገዱ
   ረኸብዎ ንዕንዱ
   ናብኡ ሰገዱ
   ባረኾም ብኢዱ።

4. ጓሶት ተሓጎሱ
   ጨርቂ ለቢሱ
   ሓሰር ትርኣሱ
   ጸንሖም ደቂሱ።

## 12 ሰብኣ ሰገል

1. ሰብኣ ሰገል ሰገድሉ
   ወርቂ ዕጣን ኣቕረብሉ
   ከርበ'ውን ወሰኽሉ
   ትምቢት ግዜኡ ኣኺሉ።

2. ሄሮድስ ተሸበረ
   ንግስነቱ ዝኸበረ
   ከይውሰዶ ጨደረ
   ንሰብኣ ሰገል ጠበረ።

3. ሰብኣ ሰገል ሐቢሮም
   ፈለጡ ዝጠበሮም
   ህያቦም ኣምቢሮም
   ሐለው ክብሮም።

## 13 ኢየሱስ ንወለዱ እናተኣዘዘ ዓበየ

1. ንዮሴፍ እናረኣየ
   እናተኣዘዘ ዓበየ
   ከይኮረየ ከይኣበየ
   ከይዘሐለ ከይደንጎየ።

2. ወለዱ ኣኽበረ
   ዝበልዎ እናገበረ
   ይእዘዞም ብማዕረ
   ከይመለሰ ከይደፈረ።

3. ኢየሱስ'ዩ ኣብነት
   ብግዜ ንእስነት
   ኣይንሰዓብ ዕሽነት
   ንለኣኽ ብፍጥነት።

4. ንወለድና ንተኣዘዞም
   ሕራይ'ዩ ደሞዞም
   ኣብ ኩሉ ንሓግዞም
   ፍቕርና'ዩ ብርዞም።

## 14 ኢየሱስን ሕጻናትን

1. ኢየሱስ ዓለም ረኣየ
   ከም ሕጻን ሰኸየ
   ኣጥባት ኣዲኡ ተሰሰየ
   ኣብ ሕቝፎኣ ተወድየ።

2. ንጥዑማት ሰብ ጠባይ
   ንዑ ይብሎም ናባይ
   ነቶም ዘይብኣሱ
   የፍቅሮም ንሱ።

3. ኣይፈቱን ዝሕሱ
   ናጸ'ያ መልሓሱ
   ኣይትዛረቡ ዘይንሱ
   ምስኡ ከይትበኣሱ።

4. ኢየሱስ ሕጻናት ይፈቱ
   መጽእዎ ሓዋርያቱ
   ሂቡዎም በረኸቱ
   ገበሮም ናቱ።

## 15 ኢየሱስ እንጌራ ኣበርከተ

1. ሓዋርያት ከበቡ
   ህዝቢ ተዓዘቡ
   እዞም ዝተኣከቡ
   ብምንታይ ይዕገቡ።

2. ነታ ዝቐረብሉ
   ድምጹ ኣልዒሉ
   ንሰማይ ኣንቃዕረሩ
   ሃቡዎም ክድረሩ።

3. ነቲ ሽሻይ ኢዱ ኣንቢሩ
   ሃብዎም በለ ክድረሩ
   ዝበሎም ምስ ገበሩ
   ተረፎም ተኾሚሩ።

4. ኢየሱስ ንመኣድና
   ብኢዱ ይባርኸልና
   በሊዕና ምስ ወዳእና
   ተመስገን የብለና።

# 16 ኢየሱስ ማዕበል ኣህድአ

1. ኣብ ጃልባ ደየቡ
ሓዋርያት ሰዓቡ
ብማዕበል ተጕልበቡ
ዓቕሊ ኣጽበቡ።

2. ኢየሱስ ደቂሱ ነበረ
ብኣውያቶም ተበራበረ
ጐይታና ጠፉእና
በጃኻን'ዶ ኣድሕነና።

3. ምስ ረኣዮ ኰነታቱ
ገለጸ መለኮቱ
ህዳእ ማዕበል በለ
ንፋስ'ውን ዝግ በለ።

4. ንዓና ዝምህርና
ኢየሱስ ከሎ ምሳና
መን ይቃወመና
ነደልድል እምነትና።

# 17 ኢየሱስ ንዕውር ኣሕወየ

1. ዕውር ዝነበረ ኣማኒ
ኣብ መገዲ ለማኒ
መን ሓለፈ ንገሩኒ
ኢየሱስ በልዎ ከኣኒ
ወዲ ዳዊት መሓረኒ

2. ኢየሱስ በለ ጸውዕዎ
ኣጆኻ ጸዊዖካ በልዎ
ዘሊሉ ናብኡ መጸ
ክርኢ ድማ ተረበጸ
ኢየሱስ ከኣ ደንገጸ።

3. መምህር ክርኢ ኣድሃየ
ብኡ ንብኡ ከኣ ረኣየ
እታ እምነትካ
ንሳ ኣሕውያትካ።

4. ንኣምላኽ ምስጋና ሃበ
ደድሕሪኡ ከኣ ሰዓበ
ጺጋታት ከሰበ
መኽሰብ ደለበ።

# 18. ንሓዋርያቱ ጸሎት መሃሮም

1. ሓዋርያት ንመምህሮም
ጸሎት ክምህሮም
ናይ ዮሓንስ ዘኪሮም
ኣፍሰሱ ነገሮም።

2. ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና
ስምካ ይቀደስ ኣባና
መግቢ ዕለት ሃበና
ይቕረ ከኣ በለልና።

3. ካብ ክፉእ ኣድሕነና
ናብ ፈተና ኣይተእትወና
ይቕረ ክንብል ንዝበደለና
ንሱ ከኣ ይቕረ ይበለልና።

## 19 መንፈስ ቅዱስ

1. ዝሃቦም ተስፋ
   ዘለዎ ሓለፋ
   ብሓባር ጠርነፋ
   ምሉእ ተረፋ።

2. መንፈስ ቅዱስ
   ዝሃበ ኢየሱስ
   ዘተንስእ ንድኑስ
   ዘድምቕ ንህሱስ።

3. ድኹም ዘበርትዕ
   ንሰይጣን ዝረትዕ
   መብራህቲ ዝውልዕ
   ንቑጽ ዘልምዕ።

4. ሓቢሮም እናጸለዩ
   ሓዊ ዝመስል ረኣዩ
   ብርቱዕ ድምጺ ሃበ
   ኣብ ርእሶም ዓለበ።

## 20 ሓላዊና መልኣኽ

1. ኣምላኽ ዝሃበና
   ንነፍሲ ወከፍና
   ኣብ ጉዕዞ ዘሰንየና
   ሓላዊ መልኣኽ ኣሎና።

2 ኩሉሳዕ ምሳና
   ዝነብር ብየማንና
   ዘብርሀ ቅድሜና
   ንሰናይ ጉዕዞና።

3. ኣምላኽ ብሓልዮቱ
   ዝዓደሎ ብጽሒቱ
   ኣብ ውሽጢ ሰብነቱ
   መልኣኽ ናይ ብሕቱ።

4. ካብቶም ኣጋንንቲ
   ኣንጻር ተዋጋእቲ
   ሊቃነ መላእኽቲ
   ኣለዉና ሐለውቲ።

5. ከይብድል ከይሓጥእ
   ብጻየይ ከይጐድእ
   ካብ ፍቓዱ ከይውጽእ
   ናባይ ይመጽእ።

## 21 ዕለታዊ ጸሎታት

1. መግቢ ዕለት
   ዕለታዊ ጸሎት
   እቲ ንስጋ እቲ ንነፍሲ
   ልክዕ ምሳሕ ቍርሲ።

2. ንግሆ ተንሲእና
   ነመስግን ፈጣሪና
   ምስቲ ናብራና
   ኣዚዩ የድልየና።

3. መግቢ ንኣካላትካ
   ጸሎት ንመንፈስካ
   ቀልጢፉ የዕብየካ
   ሰማይ የብጽሓካ።

ብኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ዝተደርሰ